# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.205 | ሰሉስ 28 ሚያዝያ 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 ዜና


ገጽ 3 ደረጃ ዕብየት ህጻናት



ገጽ 4 "ምስላ ንዘረባ ተብስላ"




ገጽ 5 ዝኽሪ ሚያዝያ



ገጽ 7 ምልክታ


## ቅነ ኣብያተ-ትምህርቲ ደቡባዊ ምብራቕ ዞባ ማእከል፡ ተዛዚሙ

ቅነ ኣብያተ-ትምህርቲ ደቡባዊ ምብራቕ ዞባ ማእከል ናይ ዓመተ-ትምህርቲ 2025/ 2026፡ ብ24 ሚያዝያ ኣብ ኣዳራሽ ቤት-ትምህርቲ ዓይነ-ስዉራን ኣብርሃ ባህታ ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት ተዛዚሙ።

እቲ ንሸሞንተ ኣዋርሕ ብመልክዕ ውድድር ዝተኻየደ ቅነ፡ ቅብኣ፡ ምህዞ፡ ሰንዓ፡ መደረ፡ ክትዕ፡ ስእሊ፡ ባህሊ፡ ሓፈሻዊ ፍልጠትን ትምህርታዊ ፍልጠትን ዘጠቓለለ ከምዝነበረ፡ ሓላፊት ትምህርቲ ደቡባዊ ምብራቕ መምህር ኣስካሉ ፍስሃየ ገሊጻ።

ሓላፊ ኣሃዱ ባህሊ፡ ስፖርትን ጥዕናን መምህር ጸጋይ ሰመረኣብ ብወገኑ፡ እቲ ብመልክዕ ውድድር ዝተኻየደ ቅነ፡ ተመሃሮ ኣብ ስሩዕ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ወጻኢ፡ ክእለቶምን ዝምባለታቶምን ዝፍትሹሉን ዘለልዩሉን ባይታ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ምትብባዕ ወለዲ ክሕይል ተላቢዩ።


ስእሊ-የውሃንስ መብራህቱ

ኣብ'ቲ ናይ ምዝዛም ስነ-ስርዓት፡ ንዕዉታት ተመሃሮን ኣብያተ-ትምህርትን ሽልማት ክዕደል ከሎ፡ ኣብ ቀዳማይ ፍርቂ ዓመት ብሉጽ ነጥቢ ዘመዝገቡ 34 ተመሃሮ ድማ ተተባቢያም።



ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ማእከል መምህር በላይ ሃብተጋብር ኣብ ዘስመዩ ቃል፡ ኣብ ተመሃሮ ናይ ውድድር መንፈስ ንምስራጽን ሓደስቲ ተወዳደርቲ ንምትስስኳስን፡ ኣብያተ-ትምህርቲ ብዘለዓለ ሓላፍነት ክዓያ ኣዘኻኺሩ።

## ደቡብ - ሕማም ዓሶ ንምክልኻል ንቕሓት ሕብረተሰብ ምብራኽ ከምዘድሊ ተሓቢሩ

ሕማም ዓሶ ንምክልኻልን ንምቊጽጻርን፡ ኣብ ምብራኽ ኣፍልጦን ንቕሓትን ሕብረተሰብ ዝኣየድ ስራሕ ክሕይል ከምዘድሊ፡ ብምኽንያት ዓለማዊ መዓልቲ ዓሶ ብደረጃ ዞባ ደቡብ ኣብ ዓዲ-ፈለስቲ ኣብ ዝተወደበ መደብ ተገሊጹ።

ኣብ'ቲ ብሰልፊ ዝተሰነየ ኣጋጣሚ፡ ሓላፊ ትካላት ጥዕና ንኡስ ዞባ ድባርዋ ኣቶ ሲራክ ደባሱ፡ ህዝቢ ኣብ ምስፋሕ ትካላት ጥዕናን ምምላእ ሕጽረታተንን ንዝገብሮ ዘሎ ኣበርክቶ ብምምጓስ፡ ሕማም ዓሶ ንምጥፋእ ኣብ ዝግበር ጻዕሪ ተራ ኮም ክዓዝዝ ተላብዩ።

ሓላፊ ጨንፈር ጥዕና ዞባ ደቡብ ዶ/ር ኣማኒኤል ምሕረትኣብ ብወገኑ፡ ኣብ ዞባ ደቡብ ካብ 2021 መልከፍቲ ዓሶ ወሰኽ ከምዝርኣየ፣ ጠንቁ ድማ


ስእሊ-ፊልሞን መሓሪ

ናሙሲያ ብዝገብሩኡ ዘይምጥቃም፡ ጽሬት ከባቢ ዘይምዝውታርን ዕቋር ማያት ዘይምድፋንን ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ብዕቱብ ክሰራሕ ኣዘኻኺሩ።

ኣካያዲ ስራሕ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ድባርዋ ኣቶ ተኽለማርያም ገብረየሱስ ድማ፡ ሕማም ዓሶ ንምቊጽጻርን ንምጥፋእን፡ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ህዝቢ ብምውዳብ ኣበርቲዑ ከምዝሰርሕ ገሊጹ።

ኣብ መወዳእታ፡ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ዞባ ደቡብ ኣቶ ቃልኣብ ተስፋሰላሴ፡ ወሰኽ ዝርኣየ መልከፍቲ ዓሶ ንምቊጽጻር፡ ብፍላይ ኣመሓደርቲ ከባቢ፡ ወከልቲ ጥዕና ዓዲን ደቂኣንስትዮን መሪሕ ተራ ክጻወቱ ጸዊዑ።

## ማእከል - ኣብ መንበሪ ገዛ ዘጋጠመ ባርዕ ሓዊ፡ ኣብ ህይወት ጉድኣት ኣውሪዱ

ኣብ ዞባ ማእከል - ምምሕዳር ከባቢ ሓሊቡት ኣብ መንበሪ ገዛ ዘጋጠመ ባርዕ ሓዊ፡ ኣብ ወዲ 36ን ጓል 21ን ዓመት ክልተ ዜጋታት ናይ ሞት ሓደጋ ኣውሪዱ።

ቡቲ ሰንበት 26 ሚያዝያ ከባቢ ሰዓት 12፡30 ድሕሪ-ቐትሪ ዝተኸስተን ኣብ ውሽጢ ፍርቂ ሰዓት ኣብ ትሕቲ ቊጽጽር ዝኣተወን ባርዕ ብትኪ ዝተዓፈኑ


ስእሊ: የውሃንስ መብራህቱ

ኣደን 4 ቈልዑን ኣብ ሆስፒታል ኦሮታ ተዓቒቦም ዘድሊ ክንክን ይግበረሎም ኣሎ።

ሓላፊ ምክልኻል ገበን 6ይ መደበር ፖሊስ ኣቶ ክብርኣብ ገብረክርስቶስ ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ጠንቂ ኣብ መርመራ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ኣሃዱ መጥፋእቲ ሓዊን ነበርትን ንዘገበርዎ ቅልጡፍ ምትሕብባር መጐሱ።

ኣባላት ኣሃዱ መጥፋእቲ ሓዊ ብወገኖም፡ ሕብረተሰብ ንዕለታዊ መኻብብሮኡ ኣብ ዝጥቀመሉ ሓዊ ጥንቃቐ ከዘውትር፡ ከምኡ'ውን ተቓጻሊ ባህሪያት ዘለዎ ንብረት ካብ ምኽዛን ክቖጠብ ተላብዮም።

# ዓለማዊ መዓልቲ ድሕነት

28 ሚያዝያ፡ ኣህጉራዊ መዓልቲ ድሕነት እያ። ኣህጉራዊ መዓልቲ ድሕነት ሎሚ ዓመት፡ ብደረጃ ዓለም ኣብ ትሕቲ “ጥዑይ ማሕበራ-ኣእምሮኣዊ ናይ ስራሕ ኣከባቢ ነረጋግጽ” ዝብል ቴማ ንመበል 23 ግዜ ክትብዓል ከላ፡ ብደረጃ ሃገር ድማ ንሳልሳይ ግዜኣ ኣብ ትሕቲ “ጽንዑ ናይ ድሕነት ባህሊ ንማዕብል!” ዝብል ቴማ ትዝከር ኣላ።

ኣህጉራዊ መዓልቲ ድሕነት፡ ኣድላይነትን ኣገዳስነትን ድሕነትን ጥዕናን ሰራሕተኛታትን ቦታ ስራሕን ኣጉሉ ዕዙዝ ምኻኑ ብኣህጉራዊ ውድብ ዕዮ (ILO) ወሳኒ ግምገማ ርድኢትን ስለዝረኸበ፡ ካብ 2003 ዓ.ም ጀሚሩ፡ ዓመታዊ ክዝከር ውሳነ ተመሓላሊፉ። ኣህጉራዊ ውድብ ዕዮ፡ ነዚ ኣጋጣሚ ክዝከር ከም ዘለዎ ክውስን ከሎ፡ ኣሰራሕቲ፡ ሰራሕተኛታትን ካልኦት ዝምልከቶም ኣካላትን ብዛዕባ ድሕነትን ጥዕናን ዘለዎም ንቕሓትን ኣፍልጦን ንምብራኽ ዝዓለመ እዩ። ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ዘሎ ንቕሓትን ኣፍልጦን፡ ዋላ'ኳ ካብቶም ዝሓለፉ እዋናት ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናተመሓየሸ ይመጽእ እንተሃለወ፡ እቲ ዝድለ ውጽኢት ንምርካብ ግን፡ ኽና ብዙሕ ስራሕ ይተርፈና ከምዘሎ መልሲ ዘድልዮ ሕቶ እዩ።

ቀንዲ ዕላማ ናይ'ዚ ናይ ሎሚ ዓመት ዝኽሪ ኣህጉራዊ መዓልቲ ድሕነት፡ መቐጸልታ ናይቲ ዝሓለፉ ዓመታት ኮይኑ፡ ንስለ ማዘከርታ ጥራይ ዘይኮነ፡ ሰራሕተኛታት ኣብ'ቲ ዝተመደብዎ መደብት ቦታታትን ስራሕ ድሕነቶምን ጥዕናኦምን ንምውሓስ ዝግበር ዘሎ ጻዕርታት፡ ካብ እኩባት ኣዋጃት፡ ሕጊታት፡ መምርሒታትን ካልኦት ሕጋዊ መሳርሒታትን ዕዮ ሓሊፉ፡ ዕቱባት ተጨባጢን ድሕነታውን ጥዕናውን ስጉምቲታት ብምውሳድ፡ ካብ ኪጋጥም ዝኽእል ሓደጋታት፡ ክኸሰቱ ዝኽእሉ ሕማማት ከምኡ'ውን ክወርድ ዝኽእል ዕንወታትን ከም ዘውግዱን ከም ዝኮድሉን ምግባር እዩ።

እዚ ዕማም'ዚ ቀሊል ዕማም ኣይኮነን። ናብቲ ናይ መወዳእታ ሽቶኡን ዕላማኡን ንምብጻሕ፡ ብሓባር ጽንዑ ዝኾነ ናይ ድሕነት ባህሊ ምምዕባልን ምህናጽን የድሊ። ጽንዑ ናይ ድሕነት ባህሊ ክምዕብል እንተ ኾይኑ ብውሑዱ፡ ሓያል ተወፋይነት ምምሕዳርን ትካልን፡ ንጡፍ ተሳትፎ ሰራሕተኛታት፡ ግሉጽ ምብህሃል፡ ቀጻሊን ስሩዕን ስልጠናታትን ትምህርቲታትን ከምኡ'ውን ቅድመ-ንጡፍ ምርመራን ፍተሻን ተኽእሎ ሓደጋታት ዝኣመሰሉ ኣገደስቲ ኣድለይቲ ባእታታት ምምላእ ይግባእ። ስለዚ ትካል ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ኣብ ምውሓስ ድሕነትን ጥዕናን ሰራሕተኛታትን ቦታ ስራሕን ዘሎ ተወፋይነት ንምግላጽ፡ ድሕነትን ጥዕናን ንምውሓስ ዘድልዩ ኩሉ-መዳያዊ ተበግሶታት ከም ፖሊሲን መምርሒን ሞያዊ ድሕነትን ጥዕናን ብደረጃ ትካል ምውጻእ፡ ንትግባረኦም ዝምልከት ውጥናትን መደባት ስራሕን ምሕንጻጽ፡ ዘድልዩ ቀረብት መሳርሒታትን ጸጋታትን ምቕራብን ዝኣመሰሉ ኣገደስቲ ምምሕዳራዊ ስጉምቲታት ክወሰድ ክኽእል ኣለዎ።

ብተወሳኺ፡ ኣህጉራዊ መዓልቲ ድሕነት፡ ኑቶም ኣብ ቦታ ስራሕ ዘጋጥሙ ዘለዉ ሓደጋታትን ሕማማትን ብምጉዳል፡ ውሑስን ጥዑይን ናይ ስራሕ ኣከባቢ ንምፍጣር፡ ኣብ ዝካየድ ዘሎ ጻዕርታት ተወሳኺ ድርኺትን ደፍኢትን ንምፍጣር'ውን ዝዓለመት እያ። ብደረጃ ዓለም'ውን ብሰንኪ ዘይውሑስን ዘይምቹእን ናይ ስራሕ ኣከባቢ ዝስዕብ ዘሎ ድሕነታውን ጥዕናውን ጸገማት፡ ኣብ ኣሰካፊ ደረጃታት በጺሑ ስለ ዘሎ፡ ዕቱብ ኣቓልቦ ክረክበን ኣድላዪን ኣገዳሲን ስጉምቲታት ክወሰድን ከም ዘለዎ የዘኻኽር። ብፍላይ ድማ ማሕበራ-ኣእምሮኣዊ ናይ ስራሕ ኣከባቢ። ሰራሕተኛታት ኣብ'ቲ ዝሰርሕዎ ዘለዉ መደብት ስራሕ፡ ዘለዎም ርድኢትን ግንዛበ፡ ስምዒትን ንጥፈትን ዝጸልዉ ነገራት ብግቡእ ተለልዮምን ተፈቲሾምን፡ ናብቲ ዝድለ ደረጃ ክበቕዑ ምግባርን ዝሓሸ ናይ ስራሕ ኩነታት ምፍጣርን፡ ጥዑይን ድሑንን ማሕበራ-ኣእምሮኣዊ ናይ ስራሕ ኣከባቢ ክረጋገጽ ይክኣል። ጥዑይን ድሑንን ማሕበራ-ኣእምሮኣዊ ናይ ስራሕ ኣከባቢ፡ ንኽም ንውሓት ናይ ስራሕ ሰዓታት፡ መጠን ወይ ጽዕኑት ስራሕ፡ ንጹር ተራን ሓላፍነትን ሰራሕተኛታትን ኣሰራሕትን፡ ሞራል ዝህቡን ዘተባብዑን ኣሰራሕትን ሓለፍትን፡ ቅኑዕን ፍትሓዊን ክሕክን ኩነታት ስራሕ፡ ጸቡቕ ምብህሃል ከምኡ ድማ እኹልን ብቑዕን ቁጽጽር ስራሕ ይሓቁፍ። ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ዝግበሩ ኣተሓሕዛ፡ መብዝሕትኦም ሕጊ ዕዮን ካልእን ዝጠልቦ ቀረብት ዝኸዱ ብዘይምኽኑኖም፡ ሰራሕተኛታት ግዳያት ናይ ዝተፈላለዩ ሓደጋታትን ሕማማትን ይኾኑ ኣለዉ። ስለ'ዚ ብሰንኪ'ዚ'ም ኣብ ቦታ ስራሕ ዘጋጥሙ ሓደጋታትን ሕማማትን፡ ህይወቶም ዝስኣኑ ከምኡ ከኣ ግዳያት ከቢድ ስንክልና ወይ ጉድኣት ዝኾኑ ሰራሕተኛታት፡ ብበዝሒን መጠንን ንምጉዳል ወይ ንምውጋድ፡ ሓያልን ዘየቋርጽን ጻዕርታት ምክያድ ይግባእ።

ስለ'ዚ ኣህጉራዊ መዓልቲ ድሕነት ዘቐመጦም ዕላማታት ናብ ሽቶኦም ክበጽሑ፡ ነፍሲ ወከፍ ኣካል እጃሙን ተራኡን ክዋጻእ ክኽእል ኣለዎ። ድሕነትን ጥዕናን ሰራሕተኛታትን ቦታ ስራሕን ምውሓስ፡ ንሓደ ዝካየድ ዕማም ዘይኮነ፡ ናይ ኩልና ሰራሕተኛታት፡ ኣሰራሕቲ ወይ ትካልን ተቖጻጸርቲ ኣካላት መንግስትን ሓላፍነት ምዃኑ፡ በዚ ኣጋጣሚ ከዘኻኽር ንደሊ። ኣሰራሕቲ ወይ ትካል ውሑስን ምቹእን ናይ ስራሕ ኣከባቢ ክፈጥሩ፡ ቅድመ-ንጡፍ (Pro-active) ስጉምቲታት ክወስዱ፡ ሰራሕተኛታት ብመሰረት ዝወጹ ናይ ድሕነትን ጥዕናን ፖሊሲታትን መምርሒታትን ተኸቲሎም መዓልታዊ ንጥፈታቶም ክካይዱ ከምኡ'ውን ተቖጻጸርቲ ኣካላት መንግስቲ ትግባረ ንድሕነትን ጥዕናን ዝወጹ ሕጋጋት፡ መዐቀኒ ደረጃታት፡ ኣገባብትን ሜላታትን ከረጋግጹ ክኽእሉ ኣለዎም። ከምዚ ምስ ዝኸውን ጥራይ'ዩ ድማ፡ ኣብ ቦታ ስራሕ ጽንዑ ናይ ድሕነት ባህሊ ምህናጽ፡ ምቹእን ውሑስን ዝኾነ ማሕበራ-ኣእምሮኣዊ ናይ ስራሕ ኣከባቢ ምፍጣር ዝከኣል።

ኣብ መወዳእታ፡ ሃ ብደረጃ ሃገር ንሳልሳይ ግዜ ትብዓል ዘላ ኣህጉራዊ መዓልቲ ድሕነት፡ ድሕነትን ጥዕናን ሰራሕተኛታትን ቦታ ስራሕን ንምውሓስ ዝወሰድ ዘሎ ስጉምቲታት ዝተየዱ ዘለዉ ጻዕርታትን ዝያዳ ንምድራዕ፡ ከምኡ'ውን ሓብራዊ ሓላፍነት ንምውጻእ እተዘኻኽር ኣገዳሲት ዕለት እያ። ኣብ ቦታ ስራሕ ዘጋጥሙ ሞያዊ ሓደጋታትን ሕማማትን ምጉዳል ሓብራዊ ጻዕሪ ዝሓትት ምዃኑ ተገንዚብና፡ ሕጂ'ውን ነፍሲ ወከፍ ዜጋ ተራኡ፡ ሓላፍነቱን ኣበርክቶኡን ክዋጻእ ይግባእ። ከምዚ ምስ እንገብር ከኣ'ዩ ጽንዑን ሓያልን ዝኾነ ናይ ድሕነትን ጥዕናን ባህሊ ክንሃንጽ፡ ውሑስን ድሑንን ናይ ስራሕ ኣከባቢ ክንፈጥር ዝሕግዘና። ደጊምና ልዑል ክብሪ ኑቶም ብዝተፈላለየ ጠንቅታት ሓደጋ ህይወቶም ዝስኣኑን ከቢድ ስንክልና ዘጋጠሞምን ሰራሕተኛታት።

ዓወት ንሓፋሽ!

ሚ/ዕ/ማ/ድሕነት

28 ሚያዝያ 2026

# ሃኮሰኤ፡ ዓለማዊ መዓልቲ ሰራሕተኛታት ንምዝካር ዝተፈላለየ ንጥፈታት የካይድ ኣሎ

ሃገራዊ ኮንፌደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ፡ ብምኽንያት ባዓል ግንቦት - ዓለማዊ መዓልቲ ሰራሕተኛታት 2026፡ “ውዳብ ሰራሕተኛታት ደራኺ ንልምዓት!” ብዝብል ቴማ፡ ቡበዝሑ - ሰሚናራት፡ ዓውደ-ዘተታት፡ ማእቶታዊ ንጥፈታት፡ ከምኡ'ውን ስነጥበባውን ስፖርታውን ውድድራት ዘጠቓልል መደብት የካይድ ኣሎ።



በዚ መሰረት፡ ብ15 ሚያዝያ - ሓለፍቲ ክፍልታት ዝምድናታት ወጻእን ምምሕዳርን ፋይናንስን ሃኮሰኤ ኣቶ ኣብርሃም በረኸትን ኣቶ ተስፋይ ግርማይን ኣብ መጻኢ ስራሕን ተራ ኤርትራዊ ማሕበር ሰራሕተኛ ኣብ ምፍጣር ሸቕለትን ኣመልኪቶም ኣስተምህሮ ሂቦም።

ኣቶ ኣብርሃም፡ ኣብ ህሉው ዓለማዊ ኩነታት ዕዮ፡ ብደሆታት መጻኢ ስራሕ፡ ኣድላይነት ኣቓርቦት ዕድመ-ልክዕ መደባት ትምህርትን ስልጠናን ኣተኩሩ መብርሂ ክህብ ከሎ፡ ኣቶ ተስፋይ ግርማይ ድማ፡ ዚ. ዕላማታት'ዚ ንምውቃዕ ሃኮሰኤ ኣሰላሲልዎ ዝሎ ዕማማት ኣብቲታት ኣሰፊሑ ኣቕሪቡ።

ኣብ ሚኒስትሪ ንግድን ኢንዱስትሪን ክኢላ ኢንዱስትርያዊ ፖሊሲ ኣቶ ተስፋት ሓጎስ ብወገኑ፡ ብ20 ሚያዝያ ኣብ ክልሱ-ሓሳባዊ መዳያት ኣፍራይነትን መዐቀኒታቱን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ሜላን ስትራተጂን ምፍጣር መሳርሒትን ምስኡ ዝሰዕብ ሃብታትን ኣተኩሩ ዝርዝራዊ መብርሂ ሂቡ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣካየዲ ስራሕ ዓምበርበር ሽር ኩምፓኒ ኣቶ ግርማይ ኣብርሀ፡ ኣባል ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ኣቶ በርህ ኣርኣያ፡ ኣባል ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ህግደፍ መንእሰይ ሚርያም የሲፍን ኣባል ሃኮሰኤ ኣቶ ኢሳይያስ ዕቑባይን ዝተሳተፍዎ ዓውደዘተ “መዝ. ኣተሓሳስባ ኣብ ቦታ ስራሕ”፡ ብ22 ሚያዝያ ተኻዪዱ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ዓለማውን ሃገራውን ታሪኽ ምንቅስቓስ ሰራሕተኛታት፡ ጥንታውን ዘመናውን ታሪኽ ኤርትራ፡ ሕጊ ዕዮ ኤርትራን ሓፈሻዊ ፍልጠት ዓለምን ዘተኮረ ውድድር ሓፈሻዊ ፍልጠት ብደረጃ ሃገር ክካየድ ከሎ፡ ካብ 21 ትካላት ዝተዋጽኡ ኣስታት 300 ሰራሕተኛታት ኣብ ደምባዘውል ወፈራ ልምዓት ኣካይዶም።


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም, ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ, ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**

ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳጶ. 1284


# ኮለጅ ሕክምናን ስነ-ፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ፡ ሰራሕተኛታት ኣሰልጢኑ

ኮለጅ ሕክምናን ስነ-ፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ፡ ንልዕሊ ክልተ ኣዋርሕ ብምሕደራ ዳታብዩዝ ዘሰልጠኖም 43 ሰራሕተኛታት፡ ብ23 ሚያዝያ ኣመረቖ።

እቲ ብክልሱ-ሓሳብን ግብርን ዝተዋህበ ስልጠና፡ ኣብ ሓፈሻዊ ሌላ ዳታብዩዝን ኣገዳስነቱ ኣብ ምሕደራ ሰነዳትን ከምኡ'ውን ተርኡ ኣብ ጽፈትን ስሉጥነትን ስራሕ ዘድሃበ ነይሩ።

ወከል ሰልጠንቲ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ዝቐሰምዎ ፍልጠት ንግብራዊ ብቕዓቶም ዘድርዕ ኮይኑ ከምዝረኸብዎ ብምግላጽ፡ ኣብ ምምዕባል ዓቕሚ ሰራሕተኛታት ዝግበር ወፍሪ ክድፋኣሉ ተላቢዩ።

ዲን ኮለጅ ሕክምናን ስነ-ፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ ዶ/ር የማነ ሰዩም ኣብ ዝሃቦ መዛዘሚ ቃል፡ እቲ ብክኢላታት ናይ'ቲ ዓውዲ ዝተዋህበ ስልጠና፡ ዝጸንሖም ሕጽረት ንምፍታሕ ከም ዝተወደበ ብምግላጽ፡ ኣብ መጻኢ ተመሳሳሊ ስልጠናታት ክድፋኣሉ ምዃኑ ኣብሪሁ።





# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

# ደረጃ ዕብየት ህጻናት

ሓንቲ ኽፍሱጾር፡ ከም፡ ጥዑይ ዕሽል ንኽትግላገል ትጉብር ሰሩዕ ሕክምናዊ መርመራ፥ እቲ ዝተወልደ ህጻን ጥዑይ ኮይኑ ክዓቢ'ውን ግቡእ ክንክንን ምክትታልን ክትገብረሉ ይግባእ።

ህጻን ጥዕናኡ ተሓልዩ ክዓቢ፡ ግቡእ ኣመጋግባን ሓለዋ ጽሬትን፡ ጥዑይ ኣከባቢ፡ ሰሩዕ ክታብትን ሕክምናዊ መርመራን፡ ብዓቢኡ ድማ ግቡእ ዝኾነ ሓልዮትን ፍቕርን ወላዲ ክረኽብ ኣለዎ።

ጥዕናኡ ዝተሓለወ ህጻን፡ ብዝዓመቱ ሰሩዕ ዝኾነ ደረጃ ዕብየትን ምዕባለን እዩ ዘርኢ። እቶም ዘርእዮም ደረጃታት ዕብየት - ኣካላዊ (physical)፡ ተገንዝቦኣዊ (cognitive)፡ ስምዒታዊ (emotional) ከምኡ'ውን ማሕበራዊ (social) ምዕራፋት ዘጠቓልሉ እዮም።

## ኣካላዊ ዕብየት
## ክሳብ 1 ዓመት

ሓደ ህጻን ግቡእ ኣካላዊ ዕብየት ከርኢ፡ ሰሩዕ ዝኾነ ዝተመጣጠነ መግቢ ክረክብ ኣለዎ። ኣካላዊ ምንቅስቓስ'ውን ምስኡ ተሳንዩ ዝኸይድ እዩ።

- ኣብ ወርሒ ካብ 0.5 ክሳብ 1 ኪሎ ግራም ክብደት፡ ካብ 2.5 ክሳብ 5 ሰንቲ ሜትር ቁመት ክወሰኽ ንቡር እዩ።
- ካብ 6 ክሳብ 8 ወርሒ ዘሎ ግዜ መግቢ ናይ ምድላይ ሸውሃቱ ይዓቢ።
- ካብ 6 ክሳብ 10 ወርሒ ብኾብዱ ክንሳሓብ ይጅምር።
- ካብ 9 ክሳብ 12 ወርሒ ተደጊፉ ብዓቢኡ ኮፍ ክብል ይኽእል።
- ካብ 12 ክሳብ 14 ወርሒ ተደጊፉ ደው ክብል ይኽእል። እዚ እግሪ ዝተኸለሉ ዕድመ'ውን እዩ።

ካብ እግሪ ተኸለ ክሳብ 3 ዓመት

- ኣብ ወርሒ ካብ 0.5 ክሳብ 1 ኪሎ ግራም ክብደት፡ ካብ 2.5 ክሳብ 5 ሰንቲ ሜትር ቁመት ይወስኽ።
- ካብ 12 ክሳብ 18 ኣዋርሕ፥ ናብ ክፍሊ ኣካላቱ ናይ ምምልካት ዓቕሚ ከርኢ ይጅምር።
- ካብ 12 ክሳብ 18 ወርሒ ናይ ፊለማ ቃላት ከድምጽ ይሰምዐ።
- ካብ 12 ክሳብ 18 ወርሒ፥ ካብ ዝተዓዘቦ ባህርያት ወይ ጠባያት ክቕድሕ ይርኢ።

## ካብ 3 ክሳብ 5 ዓመት ዘሎ ቅድመ ትምህርቲ ዕድመ

- ኣብ ወርሒ ካብ 0.5 ክሳብ 1 ኪሎ ግራም ክብደት፡ ካብ 2.5 ክሳብ 5 ሰንቲ ሜትር ቁመት ይወስኽ።
- ነገራት ብዓቢኡ ክሕዝን ክጭብጦን ይኽእል።
- ቃላት ብዓቢኡ ከድምጽ ይጅምር።



## ተገንዝቦኣዊ ዕብየት

ህጻን ምስ ተወልደ ኣብ ዘሎ ሓደት ዓመታት፡ ልዕሊ 1 ሚልዮን ኒውሮንስ፥ ማለት ዋህዮታት ናይ ሓንጎሉ ኣብ ውሽጢ ሓደ ካልኢት ንጡፍ ዝኾነ መርበባዊ ርክብ የካይዱ። 90% ደረጃ ዕብየት ሓንጎል ናይ ሓደ ህጻን ቅድሚ 5 ዓመት ዕድመኡ እዩ ዝፍጸም።

## ክሳብ 1 ዓመት

- ዝኾነ ከድምጽ ወይ ሃተፍተፍ ክብል ይጅምር።
- ኣብ መልክዕን ቅርጺ ነገራትን ተገዳስነት የርኢ።
- ኣባላት ስድራቤቱ ብዓቢኡ የለሊ።

ካብ እግሪ ተኸለ ክሳብ 3 ዓመት

- ነገራት (ንኣብነት ማንካ) ሒዙካ ናይ ምጥቃም ድሌታት የርኢ።
- ክፍሊ ኣካላቱ ብዝዮዮእ ክፈልጥን ከለልን ይጅምር።

## ካብ 3 ክሳብ 5 ዓመት ዕድመ

- ቃላት ብዓቢኡ ከድምጽን፡ ብዝዮዮእ ሓሳቡ/ ድሌታቱ ክገልጽን ይጅምር።
- ነገራት ተጠቒሙ ድሌታቱ ከማልእ፥ ንምፍጻሙ ድማ ልዑል ድሌት የርኢ።

## ማሕበራዊ ዕብየት

ህጻን ደረጃ ዕብየቱ ክሕሎ እንተኾይኑ ምስ ከባቢኡ ብዓቢኡ ክላለ፥ ምስ መዛንኡ ክጻወትን ጥቡቕ ዝኾነ ማሕበራዊ ርክብ ክህልዎን ይግባእ።

## ክሳብ 1 ዓመት ዕድመ

- ምስ ኣለይቱ (ብፍላይ ኣደን ኣሕዋትን) ጥቡቕ ዝኾነ ርክብ የማዕብል።
- ካብ ኣለይቱ ንዘመጽኦ ናይ ገጽ ስምዒት ብዓቢኡ ክምልስ ይጅምር።
- ምስ ሰባት ክጻወትን ክስሕቕን፥ ንዘመጽኦ ዝተፈላለዩ ድምጽታት ድማ ከለልን ክስተማቕርን ይርኢ።

## ካብ እግሪ ተኸለ ክሳብ 3 ዓመት

- ኣብ ቀለልቲ ናይ ህጻናት ጸወታ ክሳተፍን ክደግምን ይርኢ።
- ዘይፈልጥዎ ጋሻ ክመጽእ እንከሎ ናይ ምድሃል ወይ ፍርሒ ስምዒት ከርኢ፥ እንሓንሳብ'ውን ክበኪ ይርኢ።



## ካብ 3 ክሳብ 5 ዓመት

- ምስ መዛና ብምኽንያት ናይ ምጻዋት ምቅርራብ የማዕብሉ።
- ብሰባት ዝፍጠሩ ስምዒታት ኣለሊኻ ናይ ምእላይ ወይ ምድዕዓስ ስምዒታት ክፈጥር ይጅምር።

## ዝ ደረጃ ዕብየት'ዚ ብኸመይ ንሰዕቦ፤

- ኑቲ ህጻን ምእላይ ግቡእ ሓላፍነት ምህላው፦ ድሌታት ናይቲ ህጻን ብዓቢኡ ኣለሊኻ ግቡእ ግብረ መልሲ ምሃብ።
- ኣብ ዘርእዮም ስምዒታት ተሳታፊ ምዃን፦ ክዘረብ፥ ክደርፍ ወይ ክስሕቕ እንከሎ፥ ክትሕወሶን ክትደግፎን ምሉእ ድሌት ምርኣይ።
- ውሕስነቱ ኣብ ምሕላው ግቡእ ምክትታል ምግባር፦ ውሑስ ዝኾነ ከባቢ ምፍጣር። ኣካላዊ ጽሬቱን ጽሬት ዝወስዶ መግቢታትን ምሕላው። ግቡእ ናይ ዕረፍትን ድቃስን ሰዓታቱ ምሕላው።

## ህጻናት ኣበየናይ ደረጃ ዕድመ ኣፍ ይኸፍቱ፤

መብዛሕትኦም ህጻናት ካብ 12 ክሳብ 18 ወርሒ ኣብ ዘሎ ዕድመኦም፡ ትርጉም ዘለዎ ቃል ከድምጹ ይጅምሩ። ይኹን'ምበር ገና ካብ ዝውለዱ ጀምሮም ንዖና ክርድኡና ዘይክእል ድምጺ ከሰምዑ ይረኣዩ እዮም።

ካብ ዝውለዱ ክሳብ 3 ወርሒ ዕድመኦም ህጻናት ዝኾነ ድምጺ የሰምዑ እዮም። ካብ 6 ወርሒ ዕድመኦም ንድሓር ድማ፡ ወልደፍደፍ ዝብል ንዖና ድማ ትርጉም ዘለዎ ቃል ዝመስለና ከድምጹ ይጅምሩ። ከም 'ጋህ'፡ 'ባህ'፡ 'ሚ' ወዘተ ዝኣመሰሉ ድምጺ የሰምዑ።

ክሳብ 1 ዓመት ዕድመኡ እቲ ህጻን ሓደ ምሉእ ቃል ዋላ ኣየድምጽ ዘሸግር ነገር ኣይኮነን። ህጻናት ክሳብ እዚ ዕድመ'ዚ ብቓል ጥራይ ዘይኮነ፡ ምምልካትን ብምልክትን ክረዳድኡና ይፍትኑ እዮም።

## ኣከፋፍታ ኣፍ ምስ ደረጃ ዕድመ

- ካብ ዝውለድ ክሳብ 3 ወርሒ ዕድመኡ እቲ ህጻን ብኣፍንጫኡ ኩኽ እናበለ ከድምጽ ይጅምር፡
- ካብ 4 ክሳብ 6 ወርሒ ዕድመኡ እቲ ህጻን ክስሕቕ፡ ከርከር ክብልን ጸወታ ዝዓይነቱ ድምጽታት ከውጽእን ይጅምር፡
- ኣብ 12 ክሳብ 18 ዓመት ዕድመኦም፡ መብዛሕትኦም ህጻናት ሓደ ምሉእ ቃል ከውጽኡ ይጅምሩ። ኣብዚ ዕድመ'ዚ 'ማማ'፡ 'ባባ'፡ 'ቡም' (ንጉዕሶ ክኸውን ይኽእል) ወዘተ ዝብሉ ቃላት ልሙዳት መኽፈቲ ኣፉ ይኾኑ። ኣስማት ናይቶም ምስኦም ዘለዉ ኣሕዋቶም'ውን ከድምጹ ይረኣዩ እዮም።
- ኣብ 2 ዓመት ዕድመኡ፥ እቲ ህጻን ክልተ ቃላት ኣላጊቡ ትርጉም ዘለዎ ሓሳባት ከውጽእ ይጅምር። ንኣብነት 'ማማ ኪዳ'፡ 'ኛኛ ሃባ' (መግቢ ሃባ ክኸውን ይኽእል) ዝብል ምሉእ ሓሳብ ክፈጥር ይጅምር።
- ኣብ 3 ዓመት ዕድመኡ፥ እቲ ህጻን ክሳብ ሰለስተን ልዕሊኡን ቃላት ዝሓቖፈ ምሉእ ሓሳባት ከድምጽ ይርኢ።

ወዲ 18 ወርሒ ህጻን ክንደይ ቃላት ከድምጽ ይኽእል?

ሓደ ህጻን 18 ወርሒ ዕድመ ምስ ረገጸ ካብ 10 ክሳብ 50 ዝተፈላለዩ ቃላት መሊኹ ከድምጽ ይኽእል እዩ። እቲ ህጻን ክንደዚ ዝኣክል ቃላት ኣብ ሓንጎሉ ክሕዝ ምስ ዘይክእል ግና ዘጨንቕ ጉዳይ ኣይኮነን። እቲ ቃላት ናይ ምሓዝ ዕብየት፡ ካብን ናብን ህጻናት መጠኑ ክፈላለ ስለ ዝኽእል።

ኣብዚ፥ ኣብ ክንዲ 'ክንደይ ዝኣክል ቃላት ሒዙ ኣሎ" ኢልካ ምሉእ ኣድህቦ ምግባር፥ ምስ ግዜ ሓደስቲ ቃላት ይለምድ ኣሎ ዶ የለን ክትስተብህሉ ይምረጽ።

እቲ ህጻን፥ 2 ዓመት ምስ መልአ ኣስታት 50 ቃላት ክመልኽ ምስ ዘይክእል ግና ናብ ሕክምና ቆልዑ (pediatrician) ብምኻድ ግቡእ መርመራ ኣብ ደረጃ ምዕባለኡ ክትገብር ይምረጽ።

## ህጻናት ዘረባ ክመልኩ ብኸመይ ነለማምዶም፤

ህጻናት ዘረባ ክለምዱ ንምግባር እቲ ዝበለጸ መንገዲ ምሉእ ግዜን ኣድህቦን ሂብካ ኩተዛራርቦም ምፍታን እዩ። ክተዛራርቦም ኣብ እትፍትነሉ እዋን፥ ከይሰልከኻ ነገራት ብምልክት እናርኣኻ ደጋጊምካ ክተድምጸሎም ይግባእ። ህጻናት ቋንቋኦም ከጽንዑ ዝጅምሩ፥ ብምዕዛብን ኑቲ ኣብ ገጽካ ትፈጥሮ ምልክታት ብምስትብሃልን እዮም። ህጻን ልክዕ ከም ሰፍነግ ዝረኣዮ ነገራት መጸዮም ናይ ምሓዝ ክእለት እዩ ዘለዎም።

## ህጻናት ጸገም ምዝራብ ከምዘለዎም ዘርእዩ ምልክታት

ህጻናት ክሳዕ ክልተ ዓመት ዝመልኡ ኣብ ትካላት ጥዕና ዕብየቶም ንምክትታል ዝሕግዝ መርመራታት ይግበረሎም እዩ። እዚ ቀሚቶም፡ ክብደቶም፡ ኣካላዊን ኣእምሮኣውን ምዕባለኦም፡ ከምኡ'ውን ናይ ምዝራብ ክእለቶም ዘጠቓለለ እዩ።

ህጻናት ዘለዎም ደረጃ ምዕባለ ብዝያዳ ክከታተሉ ዝኽእሉ ግና ስድራቤት ባዕሎም እዮም።

ወለድኩም ዝዓ ዝስዕቡ ምልክታት ዘርኢ እንተኾይኑ፥ ኣብ ምዕባለ ቋንቋ ጸገማት ክህልዎ ይኽእል እዩ፦

- ኣብ ከባቢኡ ንዝተፈጥረ ድምጺ ምላሽ ክህብ ምስ ዘይርኢ፥
- ምሳኹም ንምርድዳእ ተገዳስነት ምስ ዘየርኢ፥
- ኣብ ነፍሲ ወከፍ ደረጃ ዕድመኡ ዝኾነ ሓደስቲ ቃላት ክጥህልል ምስ ዘይክእል፥
- ክረዳድኣኩም ብዘይ ምኽኣሉ ናይ ምሕራቕን ምብስጫውን ምልክት ምስ ዘርኢ፥
- ዝኾነ ሰብ ክርድኦ ዘይክእል ድምጽታት ብተደጋጋሚ ምስ ዘድምጽ።

ከምዚ እንተኾይኑ፥ ቋንቋ ናይ ምልክት ዓቕሚ ንምዕባይ ኣብ ልዕሊ'ቲ ህጻን ምሉእ ኣድህቦ ክትገብሩ የድሊ። ኣድላዪ እንተኾይኑ'ውን ምስ ሰብ ሞያ ጥዕና ምዝርራብ ኣይትረስዑ። ጸገማት ብኣጋኡ ምፍላጥ፡ ዘድሊ ደገፍ ብእዋኑ ንምርካብ ሓጋዚ እዩ።

---

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:05 | መደብ መቓልሕ መንእሰያት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | መደብ = መሬት ማይን ኣከባቢን |
| 13:30 | ዜና(ዓረብ) |
| 13:40 | ለሰ ስፖርት |
| 15:15 | ዳህሳስ ሕትመት |
| 15:50 | ዶክመንት |
| 16:15 | ሰሙናዊ ስፖርት |
| 17:00 | ዜና(ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ዶክተራት ኣብ ስትድዮ (ድግማ) |
| 18:25 | መደብ ዶክመንታሪ |
| 19:25 | ሃሎ ቈልዑ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | መደብ ሄራር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | እንዳ ዝማም |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና(እንግሊዝ) |



# ባህልን ስነ-ጥበብን

ኤፍረም ሃብተጽዮን

# “ምስላ ንዘረባ ተብስላ”

“ምስላ ንዘረባ ተብስላ”፣ “መሰለ ዘየብሮ ንኽመስሎ”፣ “ምስላ ሓኽለ ዘረባ”. . . ዝብሉ ምስላታት ንተራ ምስላ ኣብ ዘረባኻን መዓልታዊ ምብህዛልናን ሓይሊ ዝሀቡን ንትርጉም ዘረባና ዝደርዕን ዘቖርጥወን ምኻናም ይገልጹልና። ምስሉ፡ ዳርጋ ኣብ ኩሎም ሕብረተሰባት ዝዘውተር ሓኽለ ዘረባ'ዩ። ስለ ዝኾነ'ዩ ዝተፈላለዩ ግዱሳትን ሞያውያንን ንምስላታት ሕብረተሰቦም ብምጥርናፍ ኣብ መጻሕፍቲ ክሰንዱዎ ዝረኣዩ። ነፍሲ-ወከፍ ዝሰዐበ ወለዶ ድማ ካብዚ ምእኩት ሸሻይ እናመሸተ ኣብ ዕለታዊ ናብራኡ ክጥቀመሉ ይኽእል። ኣብ ቋንቋ ትግርኛ፡ ንኣብነት፡ ክሳዕ ዓሰርተ ዝበጽሕ መጻሕፍቲ ምስላታት ከም ዘሎ ይግመት። ገለኡ ብቐደም-ተኸተል ሁሉ-ሓ ክስራዕ እንከሎ፡ ገለኡ ከኣ ኣብኡ እንከሎ ዝተኣከበ'ዩ። ካብዚ ወጻኢ ዝበለን ኣብቲ ዓውዲ ዳርጋ ናይ ፈለማ ፈተነ፡ እቲ ንምስላታት ኣብ ዛዕባ ዝምደብ ኣፃብበ'ዩ። እዚ ፈተነ'ዚ፡ ኣብታ ኣብ 2012 “ምሩጽ ምስላታት ኤርትራ” ብዝብል ኣርእስቲ ኣሕተምቲ ሕድሪ ዘሕተሙዋ መጽሓፍ ዝተራእየ ነበረ። ኣብዚ ዓመት'ዚ ድማ ኑቲ ንእሽ ፈተነ ብምስፋሕ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ዛዕባታት ዘተኮረ 2,500 ምስላታት ካብ ኩለን ቋንቋታትናን ካብ ግእዝን ሃውሳን እውን ብምምራጽ ዳጕማይ ተሓቲሙ'ሎ። እዚ ብኣሕፈሮም ተወልደ ዝተዳለወ ካልኣይ ሕታም፡ ብ“ኣንድሮይድ ኣፕሊከሽን” ተዳሊዩ ሰፊሑን በዚሑን ኣብ ሞባይላት ከም ዝጽዓን ንምግባር'ውን ይስርሓሉ ኣሎ። ምስላታት ኣብ ግቡእ መዓልኦምን ኣብ ልክዕ ቦታኦምን ግዜኦምን ምስ እንጥቀመሎም፡ ንዘረባና ካብ ኩሉ ከሕጽሩዎ፡ ንጥረ ዘረባና ከብስሉዎ፡ ካብ ምጥምዛሕ ከቖርጡዎ. . . ስለ ዝኽእሉ፡ ንፍለጦምን ንጠቀመሎምን፣ ዘይበሰለ ዘረባ ካብ ምዝራብ ከኣ ንድሕን።

ካብዚ ቀጺልና፡ ኣብ መደብ ምልላይ መጽሓፍ “ምሩጽ ምስላታት ኤርትራ - ካልኣይ ሕታም”፡ ተመራማሪ ቋንቋ ዶክተር ሳልሕ መሓሙድ (ሳልሕ ቃንዳ) ዘቕረቦ ገምጋም ነቕርበልኩም። ሓንቲ ካብተን ኣብታ መጽሓፍ ዘላ ምስላ ከቕድም፤ “ሓውኻ ገዚፍን ዓኸን ኣይግበር፣ ምዒድካ ኣይተሰምዖ፡ ተቓሊስካ ኣይተውድቖ”።

***

መጽሓፍ “ምሩጽ ምስላታት ኤርትራ”፡ ካብ ትሽዓተአን ቋንቋታት ኤርትራን ቋንቋ ግእዝን ቋንቋ ሃውሳን ምስላታት እተካትት፡ ብቛንቋ ትግርኛ ዝተዳለወት፡ 237 ገጻት ዘለዋ መጽሓፍ እያ። ኣስታት 2,500 ምስላታት ብቴማዊ ኣከፋፍላ ኣብ ሰለስተ ምዕራፋትን 25 ንኡሳን ምዕራፋትን ተወዲቡ ቀሪቡ ኣሎ።

ምስሉ፡ ብሓጺርን ስዑጥበባዊ ኣገባብን ዝተሃነጸ ተደላዪቲ ክብርታት ዝምህር፡ ንዘይተደላይቲ ተግባራትን ጠባያትን ዝገንሕ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ብቓል ዝመሓላለፍ ኣካል ረቂቕ ባህላዊ ውርሻ እዩ። ኣብ ዝኾነ ሕብረተሰብ፡ ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ኣዝዩ ብዙሓት ብሂላት ይቕልቀሉን ይዝውተሩን እዮም። ዝበዝሑ ካብኡ ብሂላት ግና ምስ ምሕላፍ ናይቲ ዘፍረዮም ወለዶን ዝተፈጥሩሉ ኩነታትን ተጠቃምነቶም እናደኸመ ይኸይድ። ኣብ መውዳእታ ከኣ ተረሲዖም ይተርፉ። እቶም ብስዑጥበባዊ ኣተሃናንጻኦም ሓያላት ዝኾኑን ብሓይሊ ሓሳቦም ድማ ኣድማዕዊ ሓቅታት ዘለዎምን ውሑዳት ግና ንዘመናት ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናሰገሩ፣ ናይ ዘመናት ዕድመ ኣቑጺሮም ናብ ቅቡላት ምስላታት ይምዕበሉ።

ደቂሱብ ካብ ጥንቲ ጀሚሮም ምስላታት ምምሳልን ምትሕልላፍን ጥራይ ዘይኮነ፡ ንሓይልን ምስጢርን ምስላታት ንምፍላጥን ብዙሓት ኣገባብ ንምስናዱን ንምውዳቡን፡ ስዑፍልጠታዊ መጽናዕትታት ክካየዱ ጸኒሐምን ኣለዉን። ኣብ 2019 ዝወጸአ ቅጺ 5፡ ካልኣይ ሕታም ኣህጉራዊ መጽሔት ንማሕበራዊ መጽናዕትታት (International Journal for Social Studies) ከም ዝሕበሮ፡ ኣብ ታሪኽ እቲ ቀዳማይ ብዛዕባ ምስላታት ስዑፍልጠታዊ መጽናዕቲ ዘካየደ፡ ግሪኻዊ ፈላስፋ ኣሪስቶትል እዩ። ሎሚ ስዑምስላ (paremiology) ርእሱ ዝኸኣለ ዓውደ-መጽናዕቲ ኮይኑ ኣሎ። ሓደ ካብቶም ናይ ግዜና ፍሉጣት ኣጸናዕቲ ስዑምስላ (paremiologists) ዎልፍጋንግ ማይደር፡ ንኣጠቓቕማን ትርጉምን ተራን ምስላታት ኣብቲ ብቋንቋ ዝዋበር ምብህዛልን ምርድዳእን ኣጽኒዑ (Western European Journal of Linguistics and Education. Volume 3, Issue 2, February, 2025)።

ብተመሳሳሊ፡ ካልኦት ኣጸናዕቲ ምስላታት፡ ኑቲ ኣብ ሓደ ቋንቋ ዝርከብ ብዕስርተታት ኣሽሓት ዝቖጸር ምስላታት፡ ተጠቃማይ ብቐሊሉ ረኺቡ ኣብ ክጥቀመሉ ዝኽእል ትርጉም ዘለዎ ትንታኔኣዊ ኣመዳደባ (Analytical categories) ብምክፍፋል የጽንዑዎም። እዚ ኣከፋፍላ'ዚ ብቐንዱ ኣብ ሰለስተ ቀንዲ መዳያት ዘተኮረ እዩ። ንሳቶም ከኣ፡ ብቴማዊ ኣገባብ ኣከፋፍላ፡ ብቕርጻዊ/ቅዳዊ (structural/stylistic form)፡ ከምኡ እውን ብኣገልግሎቶም (function) እዮም። ኣብ ሓደ እዋን ካብ ሓደ ንላዕሊ ትንታኔኣዊ ኣወዳድባ ምጥቃም እውን ይከኣል እዩ። ቴማዊ ኣገባብ ኣመዳደባ ተኸቲልካ ከም ንኡሳን ምድባት ድማ ብኣገልግሎቶምን ቅዲ ኣተሃናንጻኦምን ክትከፋፍሎም ይከኣል። ንኣብነት፡ ንጅግንነት ዝምልከቱ ምስላታት ብቴማዊ ኣገባብ ኣብ ሓደ ምድብ ምስ ተመደቡ፡ ኣብ ግጥማዊ ቅርጺ ዘለዎም፡ ብሓደ ምሉእ ሓሳብ ዝግለጹ፡ ብኽልተ ተጻጻርቲ ሓረጋት ወይ ሓሳባት ዝቖሙ. . . ኢልካ ኣብ ንኡሳን ምድባት ክምደቡ ይኽእሉ።

ቴማዊ ኣከፋፍላ፡ እቲ ምስላ ብዛዕባ እንታይ እዩ ዝዛረብ ብምርኣይ ዝዋበር ኣመዳደባ እዩ። ልቦናን ዕሽነትን፡ ጻዕርን ትህኪትን፡ ሃብትን ድኽነትን፡ ስድራቤትን ዝምድናታትን፡ ፍቕርን ጽልእን፡ ስዑምግባርን ስድነትን/ነውርን ገለ ካብቶም ቴማዊ ምድባት ምስላታት ክኾኑ ይኽእሉ።

ምስላታት ብኣገልግሎቶም ክምደቡ እንከለዉ ዝህልዉ ምድባት እዞም ዝስዕቡ እዮም፤ ሀ) ሓበሬ ምድብ (ብቐጥታ ምኽርን መጠንቀቕታን ምህርን ዝሁብ ምድብ)፣ ለ) ገላጺ (ሓፈሻዊ ኣድማዕዊ ሓቂ ዝገልጽ፣ ንኣብነት፡ ‘ግዜ ወርቂ እዩ’)፣ ሐ) ኣእማኒ/መጓቲ (ምጉትካ ንምሕያል ወይ ንምእማን እትጥቀመሉ ዓይነት ምስላ)፣ መ) ደባስ/መጸናንዒ (ኣብ እዋን ሽግርን ሓዘንን ንምትብባዕን ምጽንናዕን ዝምሰል ዓይነት ምስላ)፣ ረ) ሓጫጩ/ሸምጣጢ (ንኣብነት፡ ‘ምን ለዐል ግምጥ ወምን ተሐት ደቦ’) ምጥቃስ ይከኣል።

ብቕርጻዊ/ቅዳዊ (structural/stylistic form) ዝዋበር ምክፍፋል፡ ብቐንዱ ኣብ ሰዋስዋዊ መሸከል ምስላታትን ስዑግጥማዊ ኣተሃናንጻን ናዕታን ናይቶም ምስላታት ኣተኩሩ'ዩ ኣብ ምድባት ዝከፋፈል። ንኣብነት፡ ናዕታ ዘለዎምን ናዕታ ዘይብሎምን፡ ብሓንቲ ምልእቲ ሓሳብ ዝሀጸን ብኽልተ ተጻመድቲ ሓሳባት ወይ ሓረጋት ዝቖወሙን፡ ቀጻርታት ዘዘውትር ኣመሳሳሊ (Figurative) ክጥቀስ ይከኣል።




መጽሓፍ “ምሩጽ ምስላታት ኤርትራ” ካብዞም ዝጠቐስናዮም ትንታኔኣውያን ኣከፋፍላታት፡ ንቴማዊ ኣገባብ ኣከፋፍላ እያ ተኸቲላ ቀሪባ ዘላ። ንኣስታት 2,500 ምስላታት፡ ብቴማዊ ኣከፋፍላ ኣብ ሰለስተ ምዕራፋትን 25 ንኡሳን ምዕራፋትን ከቢ. 100 ንኡሳን ኣርእስትታትን ወዲባ ኣቕሪባቶ ኣላ። እቶም ዓበይቲ ምዕራፋት፤ 1) ክብርታት፡ 2) ነውርታት፡ 3) ሓፈሻዊ ኣርእስትታት ዝብሉ እዮም። እዚ ቴማዊ ኣገባብ ኣተናትና ምስላታት፡ ኣብ ሃገርና ከም ናይ መጀመርታ ተመኩሮ ጸራጊ መገድን ኣዝዩ ዘተባብዕን ፈተነ እዩ። ኣብ ቀጻሊ ሕታማት ዝያዳ ክዝጽርን ክሰፍሕን ድማ ይኽእል። ንኻልኦት ጸሓፍትን ተመራመርትን ከኣ ከም መወከሲ ከገልግል ዝኽእል'ዩ።

ካልእ ነዚ መጽሓፍ'ዚ ፍሉይ ዝገብሮ መለለዩ፡ እቲ ምስላታት ካብ 11 ቋንቋታት ዘጠቓልል ምኻኑ እዩ። እቲ መጽናዕቲ ብቐንዱ ኣብቶም ብቛንቋ ትግርኛ ዝምስሉ ምስላታት ዘተኮረ'ኳ እንተኾነ፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ምድብን ንኡስ ምድብን ክረኽቦም ዝኽኣለ ምስላታት ካብ ኩለን ህሉዋት ቋንቋታት ኤርትራን ግእዝን ሃውሳን ከእቱ ይፍትን። እዚ፡ ህዝቢ ኤርትራ ዝተፈላለየ ቋንቋታት'ኳ እንተ ተዛረበ፡ ዘተባብዖም ክብርታትን ዝጸየፎም ነውርታትን ክሳብ ክንዲ ምንታይ ዝተቐራረቡ ምኻኖም ዘርኢ። ስለ ዝኾነ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ብዙሕ ጉዳያት ናይ ሓባር መረዳእታ ክህልዎን ብሓባር ከድምፅን ከም ዝኽእል'ውን ህያው ኣብነት'ዩ። ምስላታት ብባህሪኦም ብዙሕ ዘይለዋወጥ ኣተሃናንጻ ሓረጋትን ኣጠቓቕማ ቃላትን ስለ ዘለዎም፡ ካብ ነዊሕ ግዜ ዓቒቦም ዝሓዙዎ ቃላትን ኣበሃህላታትን ኣለዎም። እዚ፡ ኑቶም ነዊሕ ዘመናት ንድሕሪት ተመሊሶም ኣብ ቋንቋታት ኤርትራ ስዑቋንቋኣዊ መጽናዕትታት ክካየዱ ዝደልዩ ተመራመርቲ ብቐሊሉ ዘይርከብ ጸጋ'ዩ። ብተመሳሳሊ፡ ተጠቀምቲ ምስላታት ምስቲ ዝፈልጡዎ ቋንቋ ቀጥታዊ ምትእስሳር ዘለዎም ምስላታት ካልኦት ቋንቋታት ኤርትራ ንምምሃርን ንምጥቃምን ክሕግዞም እዩ።

መጽሓፍ “ምሩጽ ምስላታት ኤርትራ” (ካልኣይ ሕታም)፡ ምስቲ ቀዳማይ ሕታማ ክትነጻጸር እንከላ፡ ኣብ ብዝሒ ምስላታት፡ ኣብ ኣከፋፍላን ኣወዳድባን ምዕራፋትን ንኡሳን ምዕራፋትን፡ ከምኡ ድማ ኣብ ቀዳማይ ሕታም ዘይነበሩ ድሕረ-ጽሑፋትን ትርጉም ኣገደስቲ ቃላትን ዘጠቓለለ ምምሕያሽ ሐዚ ቀሪባ ኣላ። ኣብ ዝቕጽል ሕታማታ ከኣ ካብዚ ብዝበለጸ ኣገባብ ተመሓይሻ ክትወጽእ ከም ዘለዋ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ኣብዚ ዝሰዕቡ መዳያት ምምሕያሻት እንተ ተገይሩላ ዝያዳ ክትህብትም ትኽእል'ያ ዝብል ርእይቶ ኣለኒ፤

1. እቲ ተገይሩ ዘሎ ቴማዊ ምድባት ዳጕማይ ተኸሊሱ፡ ምስ ቴማዊ ኣመዳደባ ምስላታት ኣብ ካልኦት ሃገራት ተራእዩ ክስራዕ ኣለዎ። እተን ምዕራፋት ውሑዳት፡ እተን ንኡሳን ምዕራፋት ከኣ በዚሐን ስለ ዘለዋ፡ ምትእትታው ትሕዝቶን ትርጉምን (overlapping) ኣሎ። ንኣብነት፡ ኣብ መንጎ ምዕራፍ ሓደን ምዕራፍ ክልተን ዘሎ ቴማዊ ፍልልይ ርእሱ ግሉጽ ኣይኮነን። ምኽንያቱ፡ ክልቲኦም ምዕራፋት ብዛዕባ ክብርታት እዮም ዝዛረቡ ዘለዉ። ንኣብነት፡ ምኽባር ልዕልና ሕጊ ሓደ ካብ ተደላይቲ ክብርታት እዩ። ምጽያፍ ግህሰት ልዕልና ሕጊ እውን ተደላዪ ክብሪ እዩ። ስለዚ፡ ክልቲኦም ምዕራፋት ብዛዕባ ክብርታት እዮም ዝምህሩ ዘለዉ። እቶም ንኡሳን ምዕራፋትን ንኡሳን ኣርእስትታትን ድማ፡ ካብ ምብዛሖም ዝተላዕለ፡ ምምስሳልን ምትእትታው ትርጉምን ስለ ዘለዎም፡ ክጸበቡ ዝኽእል መገዲ ምድላይ።

2. ዝበዝሕ ሰብ ምስላ ኣብ ምፍላጥ ኣይኮነን ዝሸገሮ። እንታይ ደኣ ትርጉም ምስላ ኣብ ምፍላጥን ኣብ ግቡእ ቦታኡ ኣብ ምጥቃምን ደኣ'ምበር። ምኽንያቱ፡ ምስላ ምጽናዕ ትርጉም ዘቕሙዎ ቃላት ምፍላጥን ንበይኑ፡ ምስላ ኣብ ዝምልከቶ ቦታን ኩነታትን ተጠቒምካሉ ኣድማዒ ውጽኢት ክትረኽበሉ ኣየኽእለካን'ዩ። ብኣንጻሩ'ኳ ደኣ ምስላ ኣብ ዘይምልከቶ ቦታ እንተ ተጠቒምካሉ ኣብ ክንዲ ዝሕግዘካን ዘረባኻ ስሓብን ኣእማንን ዝገብሮ፡ ክሓስለኻን ዘይተደልየ ውጽኢት ከም ዝሀብ ክገብሮን ይኽእል። ስለዚ፡ ነፍሲ-ወከፍ ምስላ ኣብ ምንታይ ኩነታት ከም ዝምሰልን ዕላማኡ ድማ እንታይ ከም ዝኾነን ብሓጺር ተገሊጹ ክሰፍሑን ክዕመቑን ኣለዎ።

3. ናይ ኩለን ቋንቋታት ኤርትራ ዝተማልአ መጽናዕቲ ብምክያድ፡ ልክዕ ከምቲ ብትግርኛ ቀሪቡ ዘሎ፡ ብውሑዱ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ምድብ ካብ ትሽዓተአን ቋንቋታት ኤርትራ ገለ ምስላታት ከም ዝሀሉ ምግባር። ንኣብነት፡ ኣብ ምድብ ‘ጅግንነትን ጽግዓትን’ ካብ ብዳዌት ሓንቲ ምስላ'ውን የላን። ካብ ትግረ እውን ሓንቲ ኣንጻር ጅግኑትን ጽግዓትን ዝኾነት ምስላ - ‘ጀርቤ ሰከይ ሚ ትከልእ’ ማለት፡ ‘ምፍታን ንምህዳም መዓስ የጽግዮ’ እትብል - ጥራይ እያ ዘላ። ንህድማ ተዳሊኻ ምፍታን ንጅግንነትን ጽግዓትን ኣይውክልን'ዩ። ብዙሕ ተመዝጊቡም ዘለዉ ምስላታት እውን ዝተመጣጠነ ኣይኮነን። ናይ ገለአን ቋንቋታት ብዙሕ ምስላታት ምስቲ ናይ ትግርኛ ዘይወዳደር'ኳ እንተኾነ፡ ካብቲ ናይ ካልኦት ቋንቋታት ግን ኣዝዩ ይበዝሕ። እዚ ውሱንነት መጽናዕቲ ኣብተን ቋንቋታት ዘርኢ። ደኣ'ምበር ኣብ ገለኡ ቋንቋታት ብባህሪኡ ብዙሕ ምስላታት፡ ኣብ ገለኡ ድማ ውሑድ ስለ ዘሎ ኣይኮነን።

4. ሕድገት ፊደላትን ካልእ ቋንቋኣዊ ጉድለታትን ስሕትሰሕት ኢሉ ይርኣ ስለ ዘሎ፡ ናይ ነፍሲ-ወከፍ ቋንቋ ምስላታት ብተዛራቢቲ ናይቲ ቋንቋ ዝኾኑ ክኢላታት ክጽሓፉ ኣሎም። እቶም ምስላታት እውን ናብ ምድባት ክምደቡ እንከለዉ፡ ናይ ጉጅለ ዘተ ኣብ መንጎ ክኢላታት ናይቲ ቋንቋ ድሕሪ ምክያድ ክምደቡ። ምኽንያቱ፡ ምስላታት ዝበዝሐ ግዜ ክጽሮ'ቲ ካብ ትርጉም ቃላቶም እትረኽቦ ትርጉም ዝሓልፍ መልእኽቲ ኣሎዎም።

> ## መንገዲ . . . ራህዋ!
>
> እታ. . . መንገዲ . . . ራህዋ
> ንዱሕ ክንሳ ማሰኻሳት ዘለዋ
> ደነ ሰኣል ዝኸበበ ዞኹበኩብ ጸምዋ፣
>
> ንሳ'ወ እታ መንገዲ ሓቂ
> ብሰንክፍ ሕልና፡ ብሰደሎ ሰንኪ
> ዘይትሕሰብ ክትከዱ
> ዘይትግመት ካብ ራሕቂ፣
>
> ብርሐቡ ዝጸበ ጉደናኣ ተመሻጉ
> መርጉ ዘጥለቕለቃ ረግረጋት ሰፊጉ
> ህንጡያት ዘይምጽዋ ክሽዱላ ዘይብህጉ
> እወ. . . ንሳ! እታ ዓባይ መንገዲ
> ብሸግር ተማሪኻ ብፍጥረታት ባዕዲ
> ትማስል ዝበረት ዘይተጸቱ ናብ ዓዲ።
>
> እንሆ. . .!
> ዘይርብርቡ ጊያኖ ከይደም ዘይሕለሉ
> ተሰፉ ዓወት ሓሂዎም፡ ሰንኪ እኽሊ
> ከይቋጸሩ
> ቅድሚ ሰላሳ ዓመት'ዮም ክጽርገዋ
> ዝጀመሩ።
>
> ኣብ'ዛ መንገዲ ሓቂ ወረሱዎም ጸምዋ
> ክነጽ እምባ ክጥምቱ ከማዕደው ራህዋ
> ቀስቲ ጸጋዎት ጉዚፎም ዘወደቑ
> ኣለዉዋ።
>
> ንሳ'ወ. . . እዛ ዓባይ ጉደና
> በጸምቲ'ያ ጠጢሓ ደመርሃጽ'ዩ
> ቅጥረና
> ኣብ'ዚ ደረጃ ዝጽሐት መሬት ኣማን
> ኮይና።
>
> ስለዚ፡ ተሓቢሩ ዜጋታት ከርዐላ
> ሓወልቲ ጸጋዎትኪም ክትንብር ከበራ
> ናይ “ድሓን ኣየና” እምኒ ጨርሒ
> ግበሩላ።
>
> **ኣንገበም ኢሳቕ**
> 1 መስከረም 1990
> **(ምንጪ፡ መዘምር ተጋዳላይ)**

# ዝኽሪ ሚያዝያ

## ረፈረንደም ኤርትራን ጥምዘዛ ታሪኽ ልሂቃን ኢትዮጵያን

ሰረበ እስቲፋኖስ

(3ይ ክፋል)


ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብጸገጸዋያዊ ታሪኽ ኣታሊልካ ናብ ሓዊ ንምጥባሱ ብኢትዮጵያውያን ምሁራትን ፖለቲከኛታትን ዝተኻየደ ሰፊሕ ዘመተን ሳዕቤኑን ከም ድሕሪ ባይታ ጠቒስና፡ ናብዚ ሓድሽ ኢትዮጵያዊ ወለዶ ዝቐንዐ ወፍሪ ጥምዘዛ ታሪኽ ርኢና። ሓደ ካብቲ ኣብዚ እዋንዚ ወፍሪ ጥምዘዛ ታሪኽ ዝካየደሉ ዘሎ ፍጻመ ድማ ነቲ ነዊሕ ዘይገበረ፡ ኣብዚ ዘመን ምዕቡል ቴክኖሎጂ ብድምጺ፡ ስእልን ጽሑፍን ተወሪዱ ዝተሰነደ ታሪኻዊ ፍጻመ ረፈረንዱም 1993 ምህላውን ዘይመልክዑ ምሉብን እዩ። ኩሎቴል ኣሰፍቀ ዝተባህሉ ኢትዮጵያዊ ኣብ ረፈረንዱም ህዝቢ ኤርትራ ዝቐረብሉ ሕቶ ብዘይምልክት እንታይ ከምዝጸሓፉ ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ኣዝኢብና ነይርና። መቐጸልታኡ ይስዕብ፦

እቲ ካልእ ንስብጹና ኩሎቴል ኣሰፍቀ እንጉዳ (ሽክም የማይክብደው ሕዝብ - ዋሺንግተን ዲሲ-1994) ኣብ ምልክት ሕቶ ዘለቱ ንጽሑፎም ክብሪ ዝሃልኦ ነጥቢ፡ "ናጽነትን ባርነትን ዝብላ ክልተ ሳጹናት ነይረን" ዝብል ጽሑፎም'ዩ። እቶም ዘርኩብናሉ ከም እንዝክሮ፡ ተዓዚቡቲ እውን ሽዑ ከምዝመሳከርዎ፡ ኣብ እዋን ምርጫ፡ ኣድማጺ ነታ መግለጺ ምርጫኡ ዝሰኾት ካርድ "እወታ" ወይ "ኣሉታ" ከእትወላ ዝተዳለወት ሳጹን ሓንቲ ጥራሕ እያ ነይራ። ወዛቢ ድምጺ፡ ነታ ዝመረጻ ካርድ (እወ ወይ ኣይፋል) ኣብታ ብሓጺን ዝተሰርሐት ሓንቲ ሳጹን እዩ ኣእትዩዋ ዝሰይድ ዝነበረ። ነታ ዘይመረጻ ካርድ (እወ ወይ ኣይፋል) ዘቐምጠላ ካልእ ብጦ ዝተሰርሐት ሳጹን'ውን ነይራ እያ (ጸብጻብ ኮሚሽነር ኮሚሽን ረፈረንደም ኤርትራ)።

ሓደ ድምጺ ዝሁብ ሰብ፡ ናጻ ኮይኑ ምርጫኡ ብምስጢር ክፍጽሞ ስለዝነበሮን እንታይ መረጸ ድማ ክፍለጥ ስለዘይነበሮ፡ ነታ ዘይመረጻ ካርድ ሐዚ ካብቲ መውዓሊ ድምጺ ኸቃጣ ክወጽእ ኣይፍቀደሉን'ዩ ነይሩ። ስለዚ፡ ነታ ኣብ ናይ መምረጺ ሳጹን ዘየእተዋ ካርድ ('እወ' ክትከውን ትኽእል ወይ'ውን 'ኣይፋል') ኣብታ ናይ ጦ ሳጹን ኣእትዩ እዩ ዝፋኖ ዝነበረ።

ጸብጻብ ኮሚሽነር ኮሚሽን ረፈረንደም ኤርትራ፡ እቲ ናይ ድምጺ መውዓሊ መስርሕ ሓደ ድሕሪ ሓደ ዝሰይድ ሰሩዕ ደረጃታት ከምዝነበሮ ይጠቅስ። እቲ ጸብጻብ፡ ኣድማጺ ነታ መመዝገቢ ካርዱ፡ ንየም ተቘጻጸርቲ ድሕሪ ምርኣዩ፡ ድምጹ ሂቡ ክሳዕ ዝውድእ ዝነበረ መስርሕ፡ ብዝርጋ ገለጹዎ ደርኩብ (ጸብጻብ ኮሚሽነር ኮምሽን ረፈረንደም ሕጥቡ ጽሑፍ 165-171)። እቲ መስርሕ፡ ኣድማጺ ኣብ ዝርዝር ኣድመጽቲ ከምዝሎ ብዘረጋግጽ ኣካይዳዩ ዝጀምር። ነቲ ዝርዝራዊ ተርታ ሓሊፍና፡ ናብቲ ቀንዲ ኣገባብ ኣደማምጻ ምስ እንሰግር፣ እቲ ቅደም-ተኸተል ብኸምዚ ዝስዕብ መገዲ ይካየድ ነይሩ (ሕጥቡጽሑፍ 169-171)።

ወዛቢ ድምጺ ናይ መምረጺ ካርዱ ሐዙ ንብይኑ ኮይኑ ምርጫኡ ናብ ዝወሰኻ ክፍሊ ይኣቱሞ፡ ነታ ካርድ 'ኣይፋል'ን 'እወ'ን ናብ ዝብላ ክልተ ክፋላት ዝፈላለ ብዘጠብጥብ ዝተዳለወ ቀዳዳት ዝነበሮ ወገና ብምሓዝ ናብ ክልተ ይመቕላ። ብድሕሪኡ ንኽልቲአን ምርጫታት ሐዚ ካብታ ክፍሊ ብምውጻእ፡ ነታ ዘይመረጻ ካርድ ('ኣይፋል' ወይ 'እወ') ኣብታ ፈለማ ዝረኽበ ብጦ ዝተሰርሐት ሳጹን የእትዋ። ቀጺሉ ነታ ዝመረጻ ካርድ ('ኣይፋል' ወይ 'እወ') ኣብታ ጥቓ መውጽኢ ማዕጾ ኣብ ዘላ ብሓጺን ዝተሰርሐት መውዓሊ



ቍ.1 ወዛብ ድምጺ ብሕትው ኣሉ ኣጣይቲ ካርድ ከም ዝመርጽ ዝወሰዕላ ክፍሊ.
ቍ.2 ኒታ ዘይመረጸ ካርድ ዘእትወላ ሳጹን
ቍ.3 ኒታ ዝመረጸ ካርድ ዘእትወላ ሳጹን

ድምጺ ሳጹን ብምእታው ንጉዳም ይወጽእ ነበረ። እቲ ብጥዘበሪ ኣብ ባይታ ዝኾነ ከምኡ'ዩ ዝነበረ። ብሓጺሩ፡ ክልቲአን ምርጫታት ኣብ ክልቲአን ሳጹናት ክኣትዋ ማዕረ ዕድል ነይሩወን ማለት እዩ። እቲ ሓቂ እዚ'ዩ ነይሩ እምበር፡ ከምቲ ኩሎቴል ኣሰፍቀ ብ'ይኸውን' ወይ 'ብጥዝምት' ዝበሉዎ ን'እወ' ናይ በይና ሳጹን፡ ን'ኣይፋል' ድማ ናታ ናይ በይና ሳጹን ኣይተዳለወን።

ንኩሎቴል ኣሰፍቀ ዘይርዳን ዘይነበረን ነገር ክጽሕፉ ዝደረኾ ምኽንያት ግን እንታይ'ዩ፧ ብዓይኒ ሞያዊ ሰምግባር መገተኣም ብጭብጢ ክድግፉዎ ይግባእ ነይሩ። ወይ ባዕሎም ከም ጋዜጠኛ ወይ ከም ተዓዛቢ ተሳቲፈ ነይረ ክብሉ ነይሩዎም ወይ ድማ ምንጭታቶም ምግላጽ። ምሁራዊ ኣጸሓሕፋ ከምኡ እዩ። ባዕሎም ብዝፈጠሩዎ 'ሓቂ'፡ ንህቢ ብፍላይ ድማ "ህዝቢ ኢትዮጵያ ከደናግረሉ እኽእል እየ" ኢሎም እንተሓሰቡም ግን፡ ዝይፈልጥ ክደናግሩ ይኽእሉ እምበር፡ ከም ምንጪ ታሪኽ ክትወከሶ ምንም ጥቕሚ ዘለዎ ኣይኮነን። ዝወሰዱዎ ምርጫ ግን ብታሪኽ ዘሕትት ኢ-ሓላፊነታዊ ግብሪ እዩ።

እዞም ከምዚኣቶም ዝኣመሰሉ ጸሓፍቲ እምበኣር እዮም ንዘመናት ንህዝቢ ኢትዮጵያ ዘየሎ ታሪኽ ክምግቡዎ ዝጸንሑ። ኣብ ልዕሊ ጉጅለ ህዝቦም ኣኽብሮት ከምዘይብሎም ዘረድኡ ወይ ዘረጋግጹ ጭብጢ ድማ እዩ። ከመይሲ፡ ከምቲ ንሳቶም ሓቂ ናይ ምፍላጥ መሰል ዘለዎም፡ እቲ ህዝቢ'ውን ታሪኹን ታሪኽ ናይቶም ምስኡ ብታሪኻዊ ኣጋጣሚታት ጉፊ-ጉፍ ዝተራኸቡን ህዝብታት፡ በቲ ሓቀኛ መልክዑ ናይ ምፍላጥ ምሉእ መሰል ስለዘለዎ። ህዝቢ ኢትዮጵያ፡ መዋእሉ ኣብ ኲናትን ዕንወትን ንኸሕልፍ ቀንዲ ጠንቂ ዝኾኑዎ ዘለዉ፡ እዞም ከምዚኣቶም ዝኣመሰሉ ጸሓፍቲ ብዘምህርዎ ሓዲሽ ታሪኽ ወይ ብዝኸሕዱዎ ክዉን ታሪኽ እዩ።

ኩሎቴል ኣሰፍቀ ምድንጋር ምድንጓሩ ኣግዚፎ ኣብልካ ክኸውን ኣለዎ ግዲ ኢሎም ኩይኖም፡ ኣብ ገጽ 288 (ሽክም የማይከብደው ሕዝብ - ዋሺንግተን ዲሲ-1994) ከምዚ ዝስዕብ ኢሎም ንረኽቦም፦

ኤርትራውያን ብመሳርያ [ኲናት] ብምፍርራሕ ብስኡኣንምሮኣዊ ጸቕጢ ብዘይ ድልየቶም ነታ ናይ ምርጫ ካርድ ኣብታ ናጽነት እትብል ሳጹን ከእትውዋ ተገዲዶም።

ሓደ ሰብ ዝ ክንዲ እምባ ዝኸውን ሓሶት፡ ሓቂ ኣምሲሉ፡ ናብቲ "ወኸይ" ዝብሎ ህዝቢ ከቕርብ ክሳዕ ክንደኡ ስለምንታይ ከምዝህወኽን ስለምንታይ ንኡቡ ክሳዕ ፍቓደኛ ከምዝኸውንን ክርድኣካ ኣይክእልን። ኩሎቴል፡ ህዝቢ ኤርትራ በቶም ናጽነቱ ከየገዘሙዎ ዝተበበሱን መረጋ ዘዳነምን ደቂ ኣንጻር ድልየቱ ምፍርራሕ ተገይሩሉ ደዩም ዝበሉና ዘለዉ፤ ብቐደሙ ህዝቢ ምሉእ ንናጽነትዶ ኣይኮነን ተቓሊሱን መስዋእቲ ከፊሉ ንሰራዊት ኢትዮጵያ ካብ መሬቱ ጸሪጉዎን ናብ ረፈረንደም በጺሑ። እዞም ኩሎቴል፡ ህዝቢ ኤርትራን እቶም ተቓለስቲ ናጽነትን ካብ በበይኑ ፕላኔታት ዝመጽኡን በበይኑ ዕላማ ዝነበሮም ፍጡራትን ኣምሲሎም ደዮም ንህዝቢ ኢትዮጵያ ከታልልዎ ደልዮም፤ ወዮም ካብ ኣብራኽ ህዝቢ ወጺኦም፡ ንመሰል ህዝቢ ተቓሊሶም፡ ብኣንጸባራቒ ወተሃደራዊ ዓወት ናጽነት ዘምጽኡ ደቂ ህዝብስ ነቲ ህዝቢ ኣፈራሪሖም 'ናጽነት' ከም ዝብል ገይሮሞ ደዮም ዝበሉና ዘለዉ. ኩሎቴል - እሞ ከኣ ብዘይ ሰክፍታ፡ ብዘይ ሕንከት።

ሓደ 'ምሁር'የ ወይ 'ጸሓፋይ'የ ዝብል ሰብ እንታይ ንምርካብ ክሳዕ ክንድኡ ንቕልቁል ከምዝድፋእ ክርድኣካ ኣይክእልን'ዩ። ንኽብሮም እንተዘይተጨነቑ ንኽብሪ ቤተሰቦም ኣንቢቦም ኣይጭነቑን ደዮም። ቤተሰቦምን ፈተውቶምን ኣብዚ ጉዳይ እዚ መጸናዕቲ ክገብሩ እንተዝገብሩ'ሞ፡ እቲ ሓቂ ካልእ ኮይኑ ምስ ጸንሖም፡ ብኣኦም ማዕረ ክንደይ ኩሓፍሩ ከምዝኽእሉ ዘይምንግጋዞም የተሓሳስብ። እዚ ቀረብ ዘሎ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝተኻየደ መስርሕ ረፈረንደም ዘርኢ ስእሊ፡ እቶም ኩሎቴል ኣይረኣዩዋን ነይሮም ደኾን ይኾኑ፤ ኣብዚ ስእሊ'ዚ፡ ማለት ኣብ ማእከል ኣዲስ ኣበባ እቲ መፈራርሒ ኣጽዋር ኣበናይ ህንጻ'ኮን'ዩ ተተኺሉ ነይሩ፤




ምንጪ፡ Government of Eritrea. (1993). Eritrea Birth of a Nation. Asmara. Dept. of External Affairs.

እቲ ን350 ዓመታት ቅድም ብስሉማዊ መገዲ ድሓር ብዕጥቃዊ ቃልሲ ናጽነቱ ንምርካብ ክሉ ዝውንኖ ዘለ ዝኸፈለ ህዝቢ ኤርትራ፡ ነቲ ብቐልጽሙ ዝተገናጸፎ ናጽነት ሕጋዊ መዕለቢ ክገብረሉ፡ ብድምጹ "ናጽነት" ኢሉ ንኽመርጽ መፈራርሒ ተገይሩሉ ምባል ምስ ምንታይ ይቐጸር፤ እዞም ኢትዮጵያውያን ምሁራት እንታይ'ዩ ጉዶም፣

ተም ዋይዝ ዝተባህሉ ኣብ ረፈረንደም ኤርትራ ተዓዛቢ ኮይኑ ዝተሳተፈ ኣመሪካዊ፡ ብመንጽር እቶም ረፈረንደም ኤርትራ ብኣካል ዘይተዓዘቡ ኩሎቴል፡ ዝዓበ ሓቀኛ ምስክርነት ኣለዎ። 'The Meaning of a Free Vote' ኢሉ፡ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ዝፈነዎ ምስክርነት፣ ከምዚ ይብል፦

"ወዲ ሰሳ ዓመት ሸማግለ፡ ኣብ ርሑቕ ካብ እትርከብ ኣብ ጎቦታት ዝተደኮነት ዓዶም ብእግሮም ምሉእ ለይቲ ድሕሪ ምጉዓዙ ኣብ ህይወቶም ናይ መጀመርታ ዝኾነ ብምስጢር ዝካየድ ናይ ድምጺ ምርጫ ንምሃብ፡ ኣብ ትሕዝቶ'ታ ተቓጻል ጸሓይ ምድረበዳ ንጓሰርተ ሰዓታት ደው በሉ። ሓንቲ ዓባይ ሰበይቲ፡ ድምጻን ምስ ሃባ ነታ መድመጺት ሳጹን ሰዓምኣ። ናይ ሓገሰ ንብዖት ካብ ገጸን ኩረር ኢሉ ይፈስስ ነበረ። 'ሕጂ ሰላማዊ ድቃስ ክድቅስ እኽእል'የ' ድማ በላ። ሓንቲ ኣብ ሕማም ሕርሲ ዝነበረት ነፍሰጾር ኣደ፡ ናብቲ ነቕጣ መውዓሊ ድምጺ 'ግድን ውሰዱኒ' ስለዝበለት፡ ካብቲ ነቕጣ ወጺኣ ኣብ ዝበረ ጉልጉል ሓረሰት።"

ተም ዋይዝ እቲ ዝተረኽበ ወጽኢት



99.8% እወ ንናጽነት ከምዝነበረ ድሕሪ ምጥቃሱ ከምዚ ዝስዕብ ብምባል ምስክርነቱ ይወስኽ፦

"ነቲ መስርሕ ብጡዚኣ ኣዒንተይ እንተዘይርእየ ነይረ ከምዚ ዓይነት ወጽኢት ክኣምኖ ምኸበደኒ። ... ከም ኣብልን ወጣዊ ብዓል ስልጣንን ግራስ ሩትስ ኢንተርናሽናል (Grassroots International) ዝተባህለ ዘይመንግስታዊ ጉጅለ ተዓዛቢት መጠን ኣብ ዝተፈላለዩ ናይ ገጠራት መድመጺ ነቕጣታት ንዝነበረ መስርሕ ምሃብ ድምጺ ተዓዚበ እየ። ኣብ ኩሉ እቲ ዛንታ ሓደ ዓይነት እዩ ነይሩ። ድምጺ ንምሃብ ዝተወሰና ሰለስተ መዓልታት'ኳ እንተነበራ፡ ዳርጋ ኩሉ እቲ 1.1 ሚልዮን ዝኸውን ክድምጽ ዝተፈቐደሉ ኣድማጺ፡ ኣብታ ናይ መጀመርታ መስርሕ ምርጫ ዝነበረላ መዓልቲ ድምጹ ንምሃብ ነዊሕ ሪጋን እተቓጻል ምድረበዳዊት ጸሓይን ተጻዊሩ ወዓለ። ብሓፈሻ፡ ካብቶም ድምጾም ክህቡ ዝነበሮም ኣድመጽቲ 98% ከም ዝተሳተፉ ክንገምት ክሎ፡ ኣብታ ቀዳመይቲ መዓልቲ ጥራይ 90% ናይቶም ኣድመጽቲ ደምጾም ሂቦም።"

ከም ብዓል ኩሎቴል ኣሰፍቀ ዝኣመሰሉ ዘይሓንኩ ጠምዘዝቲ ታሪኽ፡ ኣብ ረፈረንደም ኤርትራ ዝተሳተፉ ብኣማኢት ዝቑጸሩ ተዓዘብቲ፡ ልክዕ ከም ናይ ተም ዋይዝ ሓቀኛ ምስክርነቶም ክህቡ ዝኽእሉ ሰባት ከምዝነበሩ ክስወጦም ዘይምኽኣሉ፡ የሰደምም'ዩ። ብታሪኽ ዝተዓዘዘቡን ዘሕዝንን ተግባር'ዩ።

90% ናይ ኣድመጽቲ ኣብታ ፋልመይቲ መዓልቲ ከድምጹ ምኽኣሎም፡ ምስቲ 'እወ' ንናጽነት ዝተዋህበ 99.8% ተቖሚጹ ክረአ ከሎ፡ እቲ ህዝቢ፡ ማዕረ ክንደይ ንናጽነት ህርፋን ከምዝነበሮ ዝምስክር እዩ። ኣብተን ዝተረፋ ክልተ መዓልታት 10% ጥራይ ኣድሚጾም ማለት'ዩ። እቲ መስርሕ በቲ ዝተወጠነሉ ሕጋዊ መገዲ ክዛዘም ስለዝነበሮ'ምበር፡ እተን ክልተ መዓልትታት እንተዘይተረፋ ነይረን'ውን፡ ኣብቲ ወጽኢት ዋላ ሓንቲ ፍልልይ ኣምጺአ መምጽኣን። ስለዚ፡ መስርሕ ረፈረንደም ኤርትራ 1993፡ ኣብታ ናይ መጀመርታ መዓልቲ'ዩ ተዛዚሙ እንተዝበሃል ዘኸፍእ ዘረባ ኣምበይ ምኾነን። እዚ ዘደንቕ ብዙሓት ምሁራን ተዓዚቡቲ ዝመስከሩሉ ደሙቕ ታሪኻዊ ፍጻመ፡ 'መስርሒ ኲናት'ን ካልእን ዝበሉ ቃላት ወሲኺኻ ከተህስሶን ከተቋሽሾን ስለዘፈተኑ፡ ነቲ ሓቂ ክትልብጦ ዘኽእል ኣይከኣለን።

ካልኦት ሓቀኛ ትዕዝብቶም ዝገለጹ ወገናት'ውን ኣለዉ። https://www.hrw.org/ ዝተባህለ መርበብ ሓበሬታ ንኣብነት ምስክርነት ክህብ ከሎ፥ "እቲ ምርጫ ናጻን ፍትሓዊ ከምዝነበረን ብተዓዛቢቲ ሕቡራት ሃገራትን ብመንግስቲ ኢትዮጵያን ተረጋጊጹ'ዩ።" ይብል።

ንጉጅለ ተዓዛቢቲ ኢትዮጵያ መሪሖም ንመስርሕ ረፈረንደም ኤርትራ ዝተዓዘቡ ዶክተር ነጋሶ ጊዳዳ'ውን ከምዚ ዝስዕብ ብምባል ምስክርነቶም ሂቦም ነይሮም፦

"ጉጅለና ካብ ሚያዝያ 21 ጀሚሩ ኣብ ኣከለጉዛይ፡ ሰምሃር፡ ሓማሴን፡ ሰራየ፡ ሰንሒትን ባርካን ዝተኻየደ መስርሕ ረፈረንደም ክዕዘብ ክኢሉ'ዩ። ኣብቶም መውዓሊ ድምጺ ነቕጣታት ዝነበሩ ኣገባባትን ኩነታትን ጥራሕ ዘይኮነ ተዓዚብና፡ ንበዙሓት ካብ ዝተፈላለዩ ክፍልታት ናይቲ ሕብረተሰብ ዝመጽኡን ዝተፈላለየ ፖለቲካዊ ድሕረ-ባይታን ፖለቲካዊ ኣተሓሳስባን ዘለዎም ዝተፈላለዩ ኤርትራውያን ውልቀሰባትን ሃይማኖታዊ ትካላትን (እንተላይ ተቓወምቲ ግዚያዊ መንግስቲ ኤርትራ) ኣዘራሪብና ነይርና... ብመሰረት ትዕዝብትና፡ ምይይጥናን ከምኡ'ውን ኣብ ልዕሊ'ቶም ዝተገብሩ ትዕዝብትታትን ዘተታትን ዝካየድናዮ ገምጋም፡ ልኡኽ ኢትዮጵያ እቲ ኣብ ቅድሚ ብዙሓት ኣህጉራውያን ውድባት ዝተኻየደ ረፈረንደም ኤርትራ፡ ብናጻ ብፍትሓውን ብዘይኣድልዎን ከምእተኻየደ ክገልጽ እፈቱ።" (Tekie Fessehatzion. (1996). The Eritrean Referendun of 1993. In Eritrean Studies Review. Vol 1: No 1. Lawrenceville፡ 174)

ይቕጽል . . .

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ተኸሳሲ ያፌት ተኸሰተ፡ ብኸሳሲት ሰቲት ኣተኽም ኣርኣያ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ን26/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

በየነ ኣብርሃም መዝሎ፡ ኣቦይ ኣብርሃም መዝሎ ንዋቱን ኣደይ ለትኣብ ካሕሳይ ኣድሓኑን ስለዝዋረሩ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ወ/ሮ ርግበ ግርማይ ተከኤ፡ ኣደይ ሊባኖስ ገብረኣምላኽ ተኽሉ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ 2 ተተካእትን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 6 ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

የማን ክፍለ ጻድቕ ምግል ተረፉ፡ መሓሪ ኣብርሃ ዘርኦሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ዓብደላ ኣደም ዓብደላ ምግል ተረፉ፡ ዓብደላ መሓመድ ዓብደላ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ኣስመረት ተወልደ ሰገድ፡ተኸሳሲ ኣቶ ኣሲያስ ገብረመስቀል ወልደሚካኤል፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ን26/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

መድህን ዘርኣይ ገብረታትየስ፡ ብዓል ቤተይ ገብረሂወት ሃይለ ብርሃ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 12 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ይግባይ በዝሊ/ት ባህት ዘርኣም ግርማይ፡ ወ/መልሲ ወረ/ፍ ዐሰማን ሓሰን ማሕሙድ 1.ማሓሙድ ዐሰማን ሓሰን 2.ሓሊማ ዐሰማን ሓሰን 3.መሓመድ ዐሰማን ሓሰን፡ ኣብ ወጻኢ ሃገር ዝነብሩ ኮይናም፡ ብጋዜጣ ተጸዊዖም ን20/5/26 እብ ቤ/ፍ ይቕረቡ።

ከሳሲ ንግዳዊ ባንክ ኤርትራ፡ ተኸሰስቲ 1.ወ/ጸሃይሽ ዘርኡ ብጽዓ 2.ኣቤል ኣርኣያ ሃይለማርያም፡ ናይ ገንዘብ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ.39 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ወ/ሮ ፈቨን ሰለሙን ኣብርሃ፡ ሓውና ኣማኑኤል ሰለሙን ኣብርሃ ስለዝዋረረ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ገብረስላሴ ተኽላይ ተኽለየሱስ፡ ኣዴና ርግኣት ወልደማርያም ወልደፋኒኤል ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ሚሮን ተኽለስላሴ ልባዊ፡ ከርስቲና ተኽለስላሴ ልባብ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ኣዜብ ማርቆስ ተወልደመድህን፡ ብዓል ቤተይ ቶማስ ናይዝጊ ደስታ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 11 ደቀይ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ የዲት ኣብራሃም ተስፋማርያም፡ ብዓል ቤተይ ቴድሮስ ብርሃ ወልደኣብ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ባዙኣምላክ እዝጊሄርያ ቀላቲ ምግል ተረፉ፡ እዝጊሄርያ ብጹኣምላክ ቀላቲ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ከሳሲ ኣስፍሃ ሃብተስላሴ ስምኦን፡ ተኸሳሲ ሁዳይ ሓሰን ዳፍላ፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ኣድራሻኻ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ኮኾብ ተኸስተ ሰለሙን፡ ኣዴና ትምኒት ገብረህይወት ርእሶም ስለዝዋረረት፡ ንኣቦና ተኸስተ ሰለሙን ገዛዘ፡ ናይ መጸምዲ ማሰሉ ይተሓለወሉ፡ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ድማ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ብፍ/በ/መሰል ኣቶ ዓንደማስቀል ተኸሰል ሰረቐ፡ ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ በረከት ደሰሆቅ ሓጎስ፡ ንፈጸሚ ዝምልከት ጉዳይ ኣብ ቤ/ፍ ተኸፊቱ ስለዘሎ፡ ን20/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

መርሃዊ ግርማይ ክብሮም፡ ኣደይ ጸሃይሽ ኣፈወርቂ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ዒሻ መሓመድሑሴን መሓመድኣማን፡ ኣደይ ነ/ፍ ጣሂራ ዓብዱራሕማን ርዝቀይ ብስማ ዝበረ ኣብ ኣስመራ ብምስክር ወረቐት 122077 መ/ቁ 120093፡ቁጽዝቦ ንብረት 4432/68059 ስፍሓት መሬት 250 ት/ሜ 5 ክፍልን ናይ መሕጸቢ ሰብትን ክሽንን ብዕለት 08/09/2026 ብዝገበረትለይ ወህብቶ ናብ ስመይ ይመሓላለፈለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ወ/ሮ ማመት ተስፋጼን ኪዳን፡ ብዓል ቤተይ ክፍላይ በየነ ገብረኣምላክ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ከ/ንኡስ ዞባ ፓራዲዞ ዚፕ ኮድ 1A 129 ፕሎት 27 ፓርሰል "D" ስፍሓቱ 176.00 ት.ሜ ተራ ገዛ ብስም ወላዲተይ ነፍ/ሄንስ ዘርኣጸየን ዳምር፡ ኣብ ቤ/ጽ ካደስተር ዝተመዝገበ ህንጻ ብመለለይ ቁ.ንብረት IBRASM018680 ብውርሲ ዝበጽሓኒ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጻሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጅናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከፈጸም ምዃንና ንሕብር።

ምሕረት ኣማኑኤል ኢሳቕ

---

ኣመልካቲ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ነ/ሄር ሃይለ ተስፋሚካኤል ከምዝኾንና ማሰል ወራሰኑት ኣብ 2ይ ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ዕለት 01/06/2006 ብመዝ.ቁ.326/2006 ዝተረጋገጸልና፡ እዚ ኣብ ን/ዞባ ኣባሻውል ጎደና ሸባሕ ቁ.ገዛ 53፡ ዚፕ ኮድ 1A119 ብቁ.ንብረት 8870/26 ብቁ.ፓርሰል ASP00053597 ብስም ኣውራሲና ተመዝጊቡ ዝርከብ፡ ናብ ስም ወረስቲ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግና ጉዳይ ምትሕልላፍ ክንፍጽም ምዃንና ንሕብር።

ኣቶ መንክስ ሃይለ ተስፋሚካኤል +2
ወኪል ዘካርያስ ጴጥሮስ በራኺ

---

ኣነ ኪዳን ወልደስላሴ ሕድረሚካኤል፡ ነቲ ብስም ነፍ/ዛይድ ጆባኒ ኣርኣያ፡ ብዕለት 05/12/2017 ብመለለይ ቁ.1፡013151/1 ሊብሬቶ ዝተዋህበን ውልቃዊ ንብረታ ዝኾነን ኣብ ኣስመራ-ከባቢ ቴራቮሎ - ዚፕ ኮድ 189-ጎደና ኣበ -ቁ.ገዛ 15-ፕሎት 16 - ቁ.ፓርሰል/ዞን ASP00037243-ፓርሰል 8Z ዝርከብ ኣብ 305 ት/ሜ ዝተደኮነ 4 ቀንዲ ምስ 5 ሓገዝቲ ክፍልታት ዝሓዘ ተራ-ገዛ ስለ ዝዓደግክዎን ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹን፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጅናል ሰነዳት ኣቕሪበ ጉዳይ ከፈጽም ምዃነይ እሕብር።

ኪዳን ወልደስላሴ ሕድረሚካኤል

---

ቤት መግቢ ፒራሚድ



ይበላዕ
እናበለ

ብዋናን ሼፍን
ሬስቶራንት
ካብ ዝዳሎ

- ዝመረጽኩሞ ሓሙሽተ ዓይነት መግቢ ዘለዎ መኣዲ ቁርሲ ሓደ ተመጋባይ ደጋጊሙ ዝምገቦ ብርትዓዊ ዋጋ
- ዝመረጽኩሞ ሓሙሽተ ዓይነት መግቢ ዘለዎ መኣዲ ምሳሕ ወይ ድራር ሓደ ተመጋባይ ደጋጊሙ ዝምገቦ ብኣዝዩ ርትዓዊ ዋጋ
- ካብ ሰሉስ ዕለት 21-04-26 ጀሚሩ ንቕደም በሉ ይብለኩም ኣሎ።

ጣዕምን መቐረትን መግብና
መጺእኩም ተላለይዎ ተዓዘብዎ
ካብ ሼፍ ፍስሃየ ጸጋይ

ኣድራሻና፡ጎኒ ኮርፖሬሽን
ቀይሕ-ባሕሪ (09)
ቴለ፡ 07129418

ብደሓን ምጹ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ወ/ሮ ኣበበ ተኽለ መብራህቱ፡ ብዓል ቤተይ ተከስተ ገብረሂወት ክፍለየሱስ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸለም ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣዜብ ታፍላ ወልዱ፡ ኣደይ ምሳሹ ጴጋይ ባራኺ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

የሴፍ ኣሰፋው ሃይለሚካኤል፡ ስም ኣደይ ይሕደጋ ሃጻ ኣስገዶም ምባል ተሪፉ፡ ይሕደጋ ህንጻ ኣስገዶም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዑቕባየርገስ ፍስሃጼየን ተኪኡ፡ ስም ኣደይ ክብራ ተወልደብርሃን ምባል ተሪፉ፡ ክብራ ተወልደ ሰለሙን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣሚር ዓብዱሰላም መሓመድ ምባል ተሪፉ፡ ኣሚር ዓብዱሰላም መሓመድሳልሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ወ/ሮ ጽገሮና ሃብተ ተወልደ፡ ብዓል ቤተይ ኣብርሃ ሃይለ ሰለሙን ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ት/ዕድመ ኖህ ክፍላይ ተሰፋማርያም ምባል ተሪፉ፡ ተኽለኣብ ክፍላይ ተሰፋማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ዑቕባ ተዛረ ተሰፋሰላሴ፡ ብዓል ቤተይ ተኽሉ ተወልደ ግርማጼን ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኤልሳ ርእሶም ሃብተሚካኤል፡ ሓፍትና ሰበ ርእሶም ሃብተሚካኤል ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

---

ወ/ሮ ሓረገ ተሰፋይ ተወልደ፡ ዝተፈቕደለን ናይ ኣገልግሎት ጽሬት ንግዳዊ ትካለን፡ "ቤላ ወኪ. ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ጽሬት (BELLA SANITATION & SEWAGE DISPOSAL) ተባሂሉ ክስየመለን ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ክምዝገብ ኮይኑ ክፍልጥ፡፡

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

---

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣኽርያ ምም 02 ጎደና 220 ቁ.ገዛ 7 ፕሎ 1 ፓርሰል 10 ስፍሓት መሬት 120 ት/ሜ 5 ቀንዲ ክፍሊ 4 ተሓጋገዝቲ ክፍል ዝተደኮነ፡ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 118786 መወከሲ ቁ.103646 ብስም ወረስቲ ነ/ፍር መሓመድ ሰዒድ ዓማር ወ/ሮ መብራት መሓመድ ኣማን ምስ 4 ኣሕዋት ዝተመዝገበ ብውርሲ ዝረኸብናዮ፡ ብጀካ ናይ ወ/ሮ መብራት መሓመድ ኣማን ዝተረፉ 3 ኣሕዋተይ ብጽሒቶም ስለ ዝሃቡኒ፡ ናብ ስመይ ክሰግሮ ስለ ዘኸኣለ፣ ዝቃወም እንተሃልዩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይውን ይግባይ ተባሂሉ እንተነይሩ ውሳኔ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ካዳስትራልን ቤት ጽሕፈት ኖታሪን ይቕረብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ብዘይ ሰዓት ጉዳዩ ክውድእ ምዃነይ እሕብር፡፡

ኣቶ ኢድሪስ ሰዒድ ዓማር
ወኪል ኣቶ መሳ እድሪስ ኑር

---

ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ሰረጀቓ ኳንዱብ ቁ.ገዛ- ብቑ/ፍቓድ ዋኒን ASL00037578 ናይ ባር ትካለይ፡ ንወ/ሮ ልዋም ሰመረ ተኽለሚካኤል፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ሰረጃቓ ኳንዱብ ቁ.ገዛ- ብዕለት 04/11/2025 ቁ.መዝ 481/2025 ብውህብቶ ስለዝሃብኩዋ፡ ብስም ወኪ. ዝኸፈሎ ዕዳ ኣሎ ወይ ይግባይ ዝብል ኣካል እንተደኣሃልዩ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ወሃብቶ ተረካቢ ከም ዝመሓላለፍ ክፍልጥ፡፡

ዓንደም ወልደጋብር ጊላጋብር

---

ብስም ገብረክርስቶስ ጸገዘኣብ ክብርኣብ ዝተመዝገበ፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00042656 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ጎደና ሮራ መንሳዕ ቁ.ገዛ 138 ዝርከብ ናይ ሱፐርማርኬትን እንዳ ስጋን ትካለይ፡ ንወ/ሮ ትርሓስ ናይዝጊ በርሀ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ጎደና 101 ቁ.ገዛ 101 ካብ ዕለት 01/01/2026 ክሳብ ዕለት 31/12/2032 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከም ዝፍጸመሉ ክፍልጥ፡፡

ገብረክርስቶስ ጸገዘኣብ ክብርኣብ

---

ወ/ሮ ወጋሕታ ርእሶም የውሃንስ፡ ዝተፈቕደለን ናይ መጽር ዓይኒ ንግዳዊ ትካለን፡ "ኢየሮሪ መጽር ዓይኒ" (AYRORI OPTICAL CENTER) ተባሂሉ ክስየመለን ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ክምዝገብ ኮይኑ ክፍልጥ፡፡

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

---

ኣቶ ቢንያም ሰመረ መሴ፡ ዝተፈቕደሎም ናይ ማሽጢ ናውቲ ህንጻን ሕርሻን ንግዳዊ ትካሎም፡ "ሰሊሆም ማሽጢ ናውቲ ህንጻን ሕርሻን (SELIHOM RETAIL CONSTRUCTION &/OR AGRICULTURAL) ተባሂሉ ክስየመሎም ስለዝሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ክምዝገብ ኮይኑ ክፍልጥ፡፡

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

---

ኣቶ ቢንያም ሰመረ መሴ፡ ዝተፈቕደሎም ናይ ኤሌትሮኒክስ ንግዳዊ ትካሎም፡ "ቢንያም ኤሌትሮኒክስ" (BINIAM ELECTRONICS) ተባሂሉ ክስየመሎም ስለዝሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ክምዝገብ ኮይኑ ክፍልጥ፡፡

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

---

ኣቶ ኣቤል ገብረቃል በየ፡ ዝተፈቕደሎም ናይ ቤት ትምህርቲ ምምራሕ መኪና ንግዳዊ ትካሎም፡ "ኦብሃር ትምህርቲ ምምራሕ መኪና" (OBHAR DRIVING SCHOOL) ተባሂሉ ክስየመሎም ስለዝሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ክምዝገብ ኮይኑ ክፍልጥ፡፡

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

---

ኣቶ ማስፍን ርእሶም ማሪቆስ፡ ዝተፈቕደሎም ናይ መጽር ዓይኒ ንግዳዊ ትካሎም፡ "ሉሚና መጽር ዓይኒ" (LUMINA OPTICAL CENTER) ተባሂሉ ክስየመሎም ስለዝሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ክምዝገብ ኮይኑ ክፍልጥ፡፡

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

---


ሽዋ ሓለፎም ኪዳኑ ኣነ ካብ ወላዲተይ ኣፍ.ካሕሱ ገብሩ ፍስሓ ብውርሲ ዝረኸብኩዎ፡ ኣብ ምም/ን/ዞባ ሰምባል ፕሎት 55 ፓርሰል 1 ዝርከብ ብዋንነት ምስክር ወረቐት ቁ.110850 መወከሲ ቁ.108610 ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘኣዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ እንተዘይቀረቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጽም ምዃነይ እሕብር፡፡

ወ/ሮ ሽዋ ሓለፎም ኪዳኑ

# ጽልዋ ግሎባውነትን ዲጂታላውነትን ኣብ ዓለመ-ስራሕ

ግርማይ ኣብርሃም (ሃኮስኤ)

1ይ ክፋል



ግሎባውነትን ዲጂታላውነትን ብዓይኒ ቍጠባዊ ምዕባለ ጥራይ ዘይኰነ፡ ብዓይኒ ኣብ ባይታ ዘሎ ክውንነት ሰራሕተኛታት ዓለም ክረአን ክምዘንን ኣገዳሲ'ዩ። እዚ ክልተ ሓይልታት'ዚ፡ ገዚፍ ብድሆታትን ፍሉይ ዕድላትን ዝሓዘ፡ ምሕቡር ኣድህቦን ግብራዊ ውሳነን ዝጽበ ሓድሽ ተርእዮ ሒዙ ዝመጽአ ክስተት እዩ።

ዲጂታላውነት፡ ምእውታም (automation) ክምኡ'ውን ሓባራዊ ቍጠባዊ ምንቅስቓሳት፡ ንዕዳጋ ዕዮ ኣዝዩ'ዩ ዝጸልዎ። ኣብ ኵሉ ደረጃታት ንዘሎ ጽላታት ድማ እንተ ብእወታ እንተ ብኣሉታ ይልውጦ ኣሎ። ሓድሽ ቴክኖሎጂ፡ ኣብ መዓልታዊ ህይወትና ዘይንኽሕዶን ዘይንጽየኖን እናኾነ ጣልቃ ይኣቱ ኣሎ። ዕድላትን ስግኣትን ብማዕረ እናቐረበ ኸኣ ንናብራና የቃልለልናን ይብድሃናን። ስራሕን ውሕስነትን ከም ዘስእኖም ዝገልጹ በዚ ሓደ፡ ዕድላት ስራሕ ከም ዝፈጥረሎም ዝዛረቡ ከኣ በቲ ኻልእ ብምዃን መጕታውነቶም የቕርቡ።

መሰረት ናይዚ በጺሕናዮ ዘሎና ኣዝዩ ተጻላላዊ ቴክኖሎጅያውን ዲጂታላውን ዓለም፡ ግሎባውነት'ዩ። ግሎባውነት፡ ኣብ ሕመረቱ፡ ንቍጠባዊ ዕብየት ደራኺ ምዃኑ ኣየማትእን። ዘይከሓድ ሓቂ፡ ዶባት ሰጊሩ፡ ዕዳጋታት ዕዮ ኣተኣሳሲሩ፡ ንግድ ክንዮ ኸባቢ ብምኻድ ከስፋሕፍሕ ኣኽኢሉ። ዕብየት ቱሪዝም፡ ናይ ወጻኢ ወፍሪ፡ ዕብየት ወሃብቲ ኣገልግሎታትን ህላወ ዝተፈላለየ መራኸቢታትን ኣመስኪሩ። እዚ ምዕባለታት'ዚ፡ ቅድሚ ሕጂ ብደረጃ ጂኦግራፊን ዓይነት ስራሕን ውሱን ዝነበረ ዕድላት ሸቕለት ዝያዳ ንኽስፉሕፍሕ መገዲ ጸሪጉ'ዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ግሎባውነት፡ ዲጂታላዊ ቴክኖሎጂ ኣካል መዓልታዊ ናብራናን ስራሕናን ብምዃን፡ ንምብህሃልና፡ ስራሕናን ሓፈሻዊ ምውስሳእናን ኣተኣሳሲርዎን ኣደንፊዕዎን'ዩ። እዚ ኸኣ ንሓይልታት ዓለማዊ ዕዮ፡ ሓድሽ ቅርጺ ብምትሓዝ፡ ሓድሽ ዓይነት ኣቈጻጽራ ሰራሕተኛታት፡ ኣፍራይነትን ዕድላትን ፈጢሩ። ኩባንያ ኣፕል ንኣብነት፡ ካብ ዝተፈላለያ ሃገራት ናውቲ ቴክኖሎጂ ብምምጻእ ኣብ ቻይና የገጣጥም። ኣብ ከም ህንዲ ዝኣመሰላ ሃገራት ምስ ሓበሬታ ቴክኖሎጂ ዝተኣሳሰር ዕብየት ክምዝገብ ዝኸኣለ'ውን ሳላ ግሎባውነት'ዩ።

እንተኾነ፡ ግሎባውነት ብፍላይ'ኳ ኣብ ናእሽቱ ሃገራትን ዝዓቢ ዘሎ ቍጠባን ንዝርከቡ ሰራሕተኛታት ናብ ተቓላዕነት ኣዳሪግዎም'ዩ። ግሎባዊ ናድያ ንሕሱር ጕልበትን ድኹም ቍጽጽርን፡ ዓበይቲ ትካላት ንፍርያተን ናብቲ ኣመና ተመዝማዚ ዝኾነ ዓያዩ ጕልበት ዘለዎ ቦታታት ከግዕዛኦ ዕድል ፈጢሩለን'ዩ። እዚ ኸምዚ ዝኣመሰለ ቕድድም ወይ ሃረምረም ትካላት፡ ንመሃያ ሰራሕተኛታት ናብ ዝተሓተ ደረጃኡ ኸንቈልቍል፡ ውሕስነት ዕዮ ኽብሕጕግን ብዝብኣሰ ደረጃ ኸኣ ህይወቶምን ህይወት ስድራኦምን ኣብ ሓደጋ ኸእቱ ደሪኹ'ዩ። ኣብ 2020 ኣብ ባንግላድሽ፡ ብሰንኪ ዘይውሑስ ኵነታት ስራሕ ዝሞቱ ልዕሊ ሓደ ሽሕ ሰራሕተኛታት ፋብሪካ ዓለባ፡ ሓደ ኻብ መርኣያታት ናይዚ ንዋጋ ሰብኣውነት ናብ ቍልቍል ዝደፍኣ ስርዓት ኣልቦነት ግሎባውነት'ዩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ሓያሎ ሃገራት፡ ንማልቲ ናሽናል ኮርፖረሽንስ ንምስሓብ ብዘቐደመ ግጉይ ተበግሶታት፡ ኣብ ዕዮ ዝግበር ናይ ድሕነት ወፍሪ ኽዳኸም ጠንቂ ኰይኑ'ዩ። እዚ ንመሰላት ሰራሕተኛታት ንድሕሪት ጕቲትዎን ዘይርትዓዊ ውድድርን ምዝመዛን ኣብ መንጎ ሃብታማት ሰብ ዋኒን ትካላትን ከኣ ኣኸቲሉን። እንተኾነ፡ ንዝበዝሐ ሓፋሽ ኣብ ሓደጋ ዘእቱ፡ ንውሑዳት ከኣ ዘርብሕ ግሎባውነት ብዝኾነ ይኹን መምዘኒ ቅቡል ክኸውን ኣይክእልን'ዩ።

ግሎባውነት እምበኣር፡ ብደረጃ ዓለም ዓቢ ምትእስሳራት ፈጢሩ'ኳ እንተሎ፡ ኣሉታዊ ሳዕቤና ዘኸትል ውድድራትን ሃርምረምን'ውን ጕሊሑ ተራእዩ እዩ።

ዲጂታላውነት (digitalization) ብኻልእ መገዲ፡ ንዕዮ ብዘይ ተገመተ ቕልጣፈ የሰጋግሮ ኣሎ። ንኸም ሰብ ሰርሖ ብልሒ፡ ኣውቶሚሽንን ኢንተርነትን ምርኩስ ጌርካ ዝሰራሕ ስራሕን ምስኡ ተዛማድነት ዘለዎ ኢንዱስትሪታት፡ ሕክምና፡ ሓምላይ ቍጠባን ስነፍልጠትን ዝኣመሰለ ዓውድታትን ሓድሽ ቅርጺ የትሕዞ፣ ኣብ መንጎ ሰራሕተኛታትን ኣሰራሕትን ንዝጸንሐ ዝምድናታት ከኣ ካልእ መልክዕ የልብሶ ኣሎ። ዲጂታላውነት፡ ካብ ርሑቕ ቦታ ኴንካ፡ ብውልቀ-ተበግሶ ወይ ብዘይ ምእኩል መገዲ ስራሕ ክትቍጸር፡ ብኢንተርነት ዝቀላጠፍ ስራሕ (ከም ኡበር ታክሲ፡ ማንዛዊ ርክባትን ትምህርታትን) ክፈጠር ኣኽኢሉ'ዩ።

ቅድሚ 10-20 ዓመታት ልብወለድ ሳይንስ ዝነበረ፡ ሎሚ ብግህዶ ኣብ መዓልታዊ ናብራና ይረአ ኣሎ። ካሼራት ባዕለን ሕሳበን ብዝቈጻጸራ ማሽናት እናተተክኣ ይኸዳ ኣለዋ። ኣብ ገለ ትካላት ሃገርና'ኳ ተኣታትዩ ይርከብ። ኣብ መዓርፎ ነፈርቲ ባዕለን ሳናጡ ዝቈጻጸራ፡ ዝቕበላን ዘራግፋን ማሽናት ኣብ ብዙሓት ሃገራት ተቐልቂለን ኣለዋ። ምሉእብምሉእ ብኣውቶማሽን ዝሰርሕ ሕርሻታት ጸባ፡ ፋብሪካታት፡ ተርሚናላት ወደባት፡ ማካይን ምርኣይ ንቡር እናኾነ ይኸይድ ኣሎ። ምስ ዕዮ ብዝተኣሳሰር ዝግለጽ ትምቢታት ምስ እንምልከቶ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ትምህርቲ ኻብ ዝጅምሩ ህጻናት፡ እቶም 65% ሎሚ ኣብ ባይታ ዘየሎ ዓይነት ስራሕ ክሰርሑ ኽግደዱ ምዃኖም'ዩ ዝገልጽ ዘሎ።

ዲጂታላውነት፡ ልዑል ኣፍራይነት፡ ምትዕጽጻፍ ዕድላት ስራሕን ምፍጣር ሓድሽ ዕድላት ስራሕ ኣብ ቴክኖሎጅያውን ዲጂታላውን ኣገልግሎታት ምምጻኡ፡ ካብቲ ብእወታ ዝረአዩ ኣበርክቶኡ'ኳ እንተኾነ፡ ንሚልዮናት ልምዳዊ ዕዮታት ብፍላይ'ኳ ንናይ ጕልበት ዕዮ፡ ስግኣት ኰይኑ ኸም ዘርከብ ግና ኣይከሓድን። ኣማዞን፡ ኣብ መኽዘናቱ ሮቦታት ክጥቀም ብምጅማሩ፡ ሓያሎ ናይ ጕልበት ሰራሕተኛታት ካብ ስራሕ ክርፈቱ ገይሩ'ዩ። መጽናዕትታት ከም ዝሕብሮ'ውን፡ 60% ካብ ዘሎ ዕድላት ስራሕ፡ ብሰብ ሰርሖ ብልሕን ኣውቶሚሽንን ክትካእ ይኽእል'ዩ። ዓለማዊ ቍጠባዊ ፎረም ከም ዘመልከቶ፡ ኣብ 2025 ኣውቶሚሽን ጥራይ ን85 ሚልዮን ዕድላት ስራሕ ክትክእ'ዩ ዝብል ትጽቢት ነይርዎ። እንተኾነ፡ እኹል ምድላዋት እንተ ተገይሩሉ፡ 97 ሚልዮን ሓደስቲ ዕድላት ስራሕ ክፍጠር ከም ዝኽእል ኣሚቱ ነይሩ። እዚ ይኹን'ምበር፡ እዚ ኣሃዝ እዚ፡ ናብ ሓደ መሰረታዊ ሕቶ ኸነድህብ የገድድ'ዩ፤ እዚ ሓድሽ ዕድላት ዕዮ'ዚ፡ ነቲ ይውሓድ ይብዛሕ ዝነበረ ውሕስነት፡ ክብርን ርትዓዊ ካሕሳን ክቕርብ ይኽእል ድዩ፧

ኣብ ናእሽቱን ዘይማዕበለ ቍጠባ ዘለወን ሃገራትን ዝነብሩ ሰራሕተኛታት በዚ ጉዳይ'ዚ ከቢድ ብድሆ'ዩ ዘጓንፎም። ሓያሎ ሃገራት፡ ነዚ ብዲጂታላውነት ዝመጽአ ለውጢ ኸሳስያኦ፡ ብቑዕ ትሕተ-ቕርጺ፡ ስርዓተ-ትምህርትን ውሕስነት ዕዮን ይሓጽረን። ኣብ ሰንዓ'ውን እንተኾነ፡ ኣውቶሚሽን ትሑት ብቕዓት ንዝጠልብ ዕዮታት ይትክኦ'ዩ ዘሎ። ብሰንኪ'ዚ፡ ሓያሎ ሰራሕተኛታት ትሑት ውሕስነትን ልዑል ምዝመዛን ናብ ዘለዎ ዘይወግዓዊ ቍጠባ ኽግዕዙ ተገዲዶም ይርከቡ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ዘይምዕሩይ ዝርግሐ ኢንተርነት ኣብ ገጠራትን ዘይማዕበላ ሃገራትን ምስኡ ዝኸይድ ገዚፍ መጠን ዲጂታላዊ መሃይምነት፡ ሓደጋታት ምቅላዕ ውልቃዊ ሓበሬታን ዳታን ገለ ኻብቲ ኣሉታዊ ሸነኻቱ'ዩ።

ምስዚ ዲጂታላውነት ብዝተኣሳሰር ካልእ ኣርእስቲ፡ ከም ታክሲ ኡበር ዝኣመሰለ ምቕልቓል ሓጺር ኮንትራክት ስራሕ ምእታው ወይ'ውን ኣብ ትርፊ ግዜኻ ምስራሕ (Gig Economy) እዩ። እዚ፡ ንሸቕለት ኣልቦነት ተዓጻጻፊ ረብሓ ወይ ፍታሕ ዘምጽእ'ኳ እንተ መሰለ፡ ኣብ ባይታ ግና ሓድሽ ውሕስነት ዘይብሉ ደርቢ ሰራሕተኛ'ዩ ፈጢሩ። ኣብ ከም ባርባዶስን ሴይንት ሉችያን ዝኣመሰላ ሃገራት ንኣብነት፡ መድረኽ ዲጂታላዊ ዕዮ እናዓበየ ይመጽእን ኣታዊታት ይርከቦን'ኳ እንተሎ፡ ብዙሕ እዋን መሰረታዊ ውሕስነት ዕዮ ይሓጽሮ'ዩ። ውሕስነት ስራሕ፡ ረብሓታት ወይ ሓለፋታትን መሰል ሓባራዊ ውዕልን የብሉን።

እዚ መድረኻት ኢንተርነት'ዚ፡ ብዙሕ እዋን ንሕጊ ዕዮ እናኸርደነን መሰረታዊ መሰሎም እናኸልኣን ንሰራሕተኛታት ከም ናጻ ተቘጻርቲ ስራሕ ይቈጽሮም። እቲ ዝኽላእ መሰላት፡ ውሕስነት ዝተሓተ ደሞዝ፡ ማሕበራዊ ውሕስነት፡ ጥዕናዊ ኣገልግሎትን ውሕስነት ካብ ዘይፍትሓዊ ስጓን እዩ። እዚ ኸም ናጻ ተወዓዓልቲ ወይ ተቘጸርቲ ሰራሕተኛታት ዝብል መጸውዒ፡ ሓድሽ ፈጠራ ዘይኰነ ካልእ መልክዕ ዝሓዘ ምዝመዛ'ዩ ዝብል ምጕት'ውን ኣሎ።

ዲጂታላውነት፡ ስራሕ ክመይ ገይሩ ይዕየ፡ ሰራሕተኛታት ብኸመይ ይመሓደሩ፡ ይተኣሳሰሩን ይድገፉን ንዝብል መሰረታዊ ሕቶ እናለወጦ'ዩ ዝመጽእ ዘሎ። ንማሕበራት ሰራሕተኛታት እዚ ብድሆን ዕድልን'ዩ። ማሕበራት ሰራሕተኛታት፡ ጕዳየን ምዃኑ ኣብ ግምት ኣእትየን፡ ሰራሕተኛታት ኣብዚ ምስግጋር ዲጂታላዊ ዓለም ውሕስነት ዝረኽቡሉ ሓድሽ መገዲ ኽናድያ ኸኣ እዚ ዘሎናዮ እዋን ጠለብ የቕርበለን ኣሎ።

ኣብዚ ዲጂታላዊ ዓለም፡ ሰራሕተኛታት ካብ ርሑቕ ቦታ ወይ'ውን ኣብ ገዛኦም ንዘወሃቦም ስራሕ ይዓዩ ኣለዉ። እንተኾነ፡ እዚ ኸም ሓለፋ ዘይኰነ፡ ከም መሰረታዊ ሕቶ መሰል ዕዮ ኽረአ ኣለዎ ዝብል ምጕት ኣሎ። ናብ ልዝብ ክወርድ፡ ቅርጺ ክሕዝን ውሕስነት ክወሃቦን ከም ዘለዎ ኸኣ ክኢላታት ዕዮ ይምሕጸኑ።

ምስ ምዕባይ ኣብ ርሑቕ ቦታ ኴንካ ምስራሕ፡ ንውልቃዊ መሰላትካ ዝግህስ መቈጻጸሪ ቴክኖሎጂታት'ውን እናዓበየ'ዩ ዝመጽእ ዘሎ። ሰራሕተኛታት፡ ኣብ ደቂቕ ሓለዋ ካሜራታት'ዮም ዝሰርሑ ዘለዉ። ማሕበራት ሰራሕተኛታት፡ ኣብ ምኽልካል ምዝራቕ ውልቃዊ ዳታን ጣልቃ ኣእታውነትን ብምትኳር ይሰርሓ ኣለዋ። ብደረጃ ዓለም ካብ ዝካየድ ሓሙሽተ ሓባራዊ ውዕላት፡ እቲ ሓደ ኣብ ቅድመ-ግንባር ንዘሎ ብድሆ ዲጂታላዊ ዕዮ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ኣብ ልዕሊ ሰራሕተኛታት ንዝካየድ ጽኑዕ ክትትል ውሕስነት ዝፈጥር ዓንቀጻት ከም ዘስፈረ ይፍለጥ። ሓያሎ ማሕበራት ሰራሕተኛታት፡ ንኸምዚ ዝኣመሰለ ኣብ ልዕሊ ሰራሕተኛታት ኣእምሮኣዊ ጸቕጥን ሚዛን ስራሕን ህይወትን ዘጥፍእ ቅሉዕነት ዘውግዝ ውዕላት ይሕግጋ ኣለዋ።

ዝጸንሐ ሕቶ ጥዕናን ድሕነትን ሰራሕተኛታት'ውን ብሓድሽ መልክዑ ኽረአ ጀሚሩ ኣሎ። ክንዮ ኣካላዊ ድሕነት ብምኻድ፡ ብሰንኪ ካብ ርሑቕ ቦታ ምስራሕ ንዝስዕብ ከም ተነጽሎን ኣካላዊ ሃሰያን (poor-ergonomics)ን ዝኣመሰለ ስነኣእምሮኣዊ ጸገማት ዘስዕብ ኵነታት ሰራሕተኛታት፡ ኣድህቦ ሂበን ክሰርሓሉ ማሕበራት ሰራሕተኛታት ይጥለባ ኣለዋ። ኣሰራሕቲ፡ ኣካላዊ፡ ኣእምሮኣውን ማሕበራውን ጥዕና ሰራሕተኛታት ክሕልዉን ውሕስነት መጻኢ ስራሕ ከረጋግጹን ኣበርክቶኦም ከዕዝዙን ቀጻሊ ጻውዒት'ዩ ዝግበር ዘሎ። ነዚ ንምትግባር፡ ማሕበራት ሰራሕተኛታት ምስ ህሉው ጽላታት ቴክኖሎጂ ብዝሳነ መገዲ፡ ተዓጻጻፍነት፡ ኣሳታፍነትን ዲጂታላዊ መሰላትን ከሓይላ ኣገዳሲ ይኸውን።




መወከሲታት፤

Future of work – changing labour relations by Jelena Soms

The Impact of Globalization and digitalization on the World of Work By Lisa M.L-A. Goodman

# መዘናዩ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ነብሰ ምቕባል


“ገዛእ ርእሰኻ ምቕባል ማለት ሓያልን ድኹምን ጎድንኻ ብዘይ ፍርዲ ምቕባል እዩ።”- ሚጋን ማርኩም

ገዛእ ርእሰኻ ምስ ትቕበል ንጽቕጥን ኣብ ህይወት ንዘጋጥሙ ብድሆታትን ክትሰዕሮም ትኽእል።

ብኣንጻሩ ገዛእ ርእሰኻ ምስ ዘይትቕበል ግን ኣካላትካን ስነ-ኣእምሮኣዊ ጥዕናኻን ብኣሉታ'ዩ ዝጽሎ።

እቲ ዝያዳ ኣገዳሲ ነገር ሰብ ብዛዕባኻ እንታይ ይሰምዖም ዘሎ፣ ንስኻ ብዛዕባ ነብስኻ እንታይ ይስምዓካ ምግንዛብ ኣገዳሲ እዩ። ብዛዕባ ነብስኻ ጸቡቕ ምእንቲ ክስምዓካ፣ ንገዛእ ርእሰኻ ምሉእ ብምሉእ ምቕባል የድልየካ። ንነብስኻ ብእወታዊ መንገዲ ክትጥምታን ፍጹም ዘበሃል ሰብ ከምዘየለ ክተስተብህልን ኣለካ። ኑቲ ሕብረተሰብ ዝደልዮ ፍጹም ሰብ ኮይንካ ክትርከብ ብዘይምኽኣልካ፣ ዝኾነ ስክፍታ ክስመዓካ የብሉን። ኣብ ህይወት እቲ ኣገዳሲ ተልእኾ ኑየም ኣብ ህይወትና ዘጓንፉ ጸገማት ከመይ ኣቢልና ንፈትሖምን ንብድሆምን እዩ። ዝ. ክንገብር እንተ ኽኢልና ኢና ዕወታት እንኸውን። ዝ. ክንገብር ከኣ፣ መጀመርታ ምስ ነብስና ሕርኽርኽ ዝብል ጸገም ከም ዘይብልና ክንኣምን ኣለና። ብገዛእ ርእሰኻ ሕጉስ እንተ ዘይኴንካ፣ ገለ ነገር ክትገብር ኣለካ። ዝ. ጸገም ኣ.ግጥዩ ክትሓልፍ ትኽእል ኢኻ፣ ንጸገማትካን ስምዒታትካን ክትፍጽሞ እቲ ዝቐለለ ተግባር'ኳ እንተኾነ፣ እቲ ዝበለጸ ግና ፈትንፈት ገጢምካ ክትሰዕሮም እዩ። ገዛእ ርእስና ክንቕበል እንተ ፈቒድና፣ ብኣካል፣ ብስነ-ኣእምሮን መንፈስን ክንዓቢ ንኽእል። እቲ ኣዝዩ ኣገዳሲ፣ ንጉዳም ዘለና ኣጠማምታ ዘይሩሳ ንወሽጥና ዝቐንዐ ኣጠማምታና እዩ። ስለ'ዚ፣ ቀልጢፍና ገዛእ ርእስና ክንቕበል ኣገዳሲ እዩ። ገዛእ ርእሰኻ ንምቕባል ዝሕግዙ ነጥብታት ንምጥቃስ፣


- ሓሳባትካን ስምዒትካን ክትቆጻጸር ጸዓር።
- ንገዛእ ርእሰኻ በቲ ዘሎቶ ክትቕበሎን ንነብስኻ በቲ ዘሎቶ ከተፍቕራን ጀምር።
- ንገዛእ ርእሰኻ ብኣካላዊ፣ ስነ-ኣእምሮኣውን መንፈሳውን ኣጠማምታ ክትግንዘብ ፈትን።
- ውሽጥኻ ኣሒደልካ ተበገስ።
- ብዛዕባ ገዛእ ርእሰኻ ዘይትፈትዎ ነገራት ክትቅይሮ ጀምር።



- ኣብ ርእሱ-ተኣማንነትካን ርእሰ ክብርኻን ዝመጽእ ለውጢ ብዮገቡእ ተዓዘብ።
- ኣብ ገዛእ ርእሰኻ ውሽጣዊ ሓበን ከም ዝስመዓካ ግበር። ሰባት ንገዛእ ርእሶም ከማዕብሉን ክልወጡን ኩሉ ግዜ ምስ በሃጉ እዮም። ዝ. ንምግባር ዝሕግዝ መሰረታዊ ነጥቢ ግና፣ ገዛእ ርእሰኻ ምቕባል እዩ።

## ካብ ኣሉታውያን ባህርያት

- ***ተጃሃሪ ባህሪ*** ዕላሎም ዘበለ ኣብ ጃህራ ዘተኩረ'ዩ። እቲ ሕማቕ ባህርያቶም ከኣ ኣብ መጻምድኑቶምን ካልኦት ዓርኩመሓዛትን ከንጸባርቕዎ ደርእዩ። በዚ ምኽንያት ከኣ ቀረብኦም ዘበለ ክንዕቶም ይጀምር። ዝገበርዎን ዘይገበርዎን ነገራት ኣጋኒኖም ስለ ዘቕርብዎ፣ ተኣማንነቶም ወትሩ ኣብ ምልክት ሕቶ ዝኣተወ እዩ። ሙብዝሕትኡ ግዜ ድማ፣ ብናይ ቀደም ታሪኾም ስለ ዝጽሩ፣ ሓድሽ ዕላል ወይ ቁምነገር የብሎምን።
- ***ሰብይ ባህሪ*** “ትዕቢት ንውድቀት ትቕድም” ከም ዝበሃል፣ ዕቡያት ሰባት ብሰንኪ ትዕቢቶም ምስ ዝተፈላለዩ ሰባት እዮም ዝረሓሓቑ። ንዕቡያት ካብ ቀረብቶምን መሳርሕቶምን ወትሩ ነቐፌታ'ዩ ዝወርዶም። ከምዚ ዓይነት ባህሪ ዘለዎም ሰባት ብዘይካ'ቲ ንሳቶም ሓፍ ኣቢልካ ምጥማት፣ ካልኦት ትሕቲኦም ከምዘለዉ'ውን ስለ ዝኣምኑ፣ ዋላ ኣብ ልዕሊ ወለዶምን ኣሕዋቶምን እዮም ትዕቢት ዘንጸባርቑ።
- ***ሀርኩትኩ*** ከምዚኦም ዓይነት ደቂ-ተባዕትዮ፣ ብዘይካ ስራሕ ካልእ ዘዕግቦም ነገር የልቦን። መጻምድኖም ወይ ስድራቤቶም ካብኦም እንታይ ይጽበዩ ኣይፈልጡን እዮም። ፍቕራዊ ይኹን ስድራቤታዊ ሓልዮት ከርእዩ ኣይርእዩን። ብፍላይ ደቂ ተባዕትዮ ስራሕ ካብ ምፍታው ዝተላዕለ፣ ሰበይቶም እንታይ በሊዓ፣ እንታይ ሰትያ፣ እንታይ ተኸዲና፣ . . . ፈጺሙ ኣየገድሶምን እዩ። ብሰንኪ'ዚ እውን እታ ሰበይቲ ዘይሕጉስ ናብራ ክትመርሕ ትኽእል።
- ***ኣዛዚ ባህሪ*** ኩሉ ነገራት ብእኦም ጥራይ ክሓልፍን ንሶም ጥራይ ክሰምዑን ዝደልዩ ሰባት እዮም። ንዝኾነ ጉዳይ ብኣካል ወይ ብቴሌፎን ናይ ትእዛዝ መልእኽቲ ከመሓላልፉ ይውዕሉ። ከምዚኦም ዓይነት ሰባት ትእዛዝ ካብ ምፍታዎም ዝተላዕለ ኣብ ሓንቲ ጉዳይ፣ ሰለስተ ወይ ኣርባዕተ ግዜ ትእዛዝ ከመሓላልፉ ይረኣዩ።
- ***ዝሩግ ባህሪ*** ዝሩግ ባህሪ ዘውንኑ ሰባት ብማስተን ዙረትን ዝተጠላቐዩ እዮም።



## ሞሃዚ ሳብ ማሪን

ኣልክማር ኣብ ዝተባሀለት ቁሽት ናይ ኔዘርላንድ ኣብ 1572 ዝተወልደ ኮርኔልየስ ድረበል፣ ኣብ ብዙሕ ምህዞታትን ርኽበታትን ኢዱ እኳ እንተዛለወ፣ ዝያዳ ግና በታ ኣዝዩ ልዑል ዋጋን ጠለብን ዝረኸበት ምህዞኡ ሳብማሪን እዩ ዝፍለጥ። ንሱ ኣብ ፈለማ ምስ ሰብ ተጸጊዑ ይሰርሕ ምንባሩ'ዩ ዝነገረሉ። ብዙሕ ከይጸንሐ ድማ ዝተፈላለየ ምህዞታት ክምህዝ ጀመረ። ኣብቲ ዘበን፣ ቀዳማዊ ንጉስ ጀምስ፣ ኣብ ምህዞ ተወኒዮ ዘለዎም፣ ዳህሰስቲ ምድርን ቀመምቲ ኣፋውስን እናጸወዐ ኣብ ቤተመንግስቱ የቐምጥ ነበረ። ብዛዕባ ኮርኔልየስ ምስ ሰምዐ ድማ ናብ ብሪጣንያ ዓደሞ። ኮርኔልየስ ኣብ ቀጽሪ ቤተመንግስቲ ኣብ ዝነበረሉ ግዜ'ውን ብዙሕ ምህዞታት ክምህዝ ከኣለ። ንሱ ንሳብማሪን ኣብ ትሕቲ ንጉሳዊ ሓይሊ ባሕሪ እንግሊዝ ኮይኑ'ዩ ዛዚሙዋ። እታ ዝመሃዛ ሳብማሪን ካብ 12 ክሳብ 15 ዕምቆት ኣብ ዘለዎ ባሕሪ ንኣሰታት ሰለስተ ሰዓት ብትሕቲ ባሕሪ ክትጎዓዝ ትኽእል ነበረት። ድረበል ምስ ንጉስ ጀይምስ ቀዳማይ ናይ ፈተነ ዑደት ኣካይዶም ነይሮም። እዚ ተግባር ከኣ ንንጉስ ጀምስ 'ብትሕቲ ባሕሪ ዝተጓዕዘ ናይ ፈለማ ንጉስ' ዝብል ክብሪ ከጐናጽፎ ክኢሉ እዩ።

ንድፍታት ሳብማሪን ብኻልኦት መሃንድሳት ኣቐድም ኣቢሉ ይወጽእ እኳ እንተነበረ፣ ኣሰታት 3 ሜትሮ ትሕቲ ማይ ጥሒላ ክትጎዓዝ እትኽእል ቀዳመይቲ ሳብማሪን ግና



ኮርኔልየስ እዩ ኣብ 1620 ሰሪሑ ናብ ምርኢት ኣቕሪብዋ።

እታ ሳብ ማሪን ማይ ብዘየዙሩቕ ቁርበት ዝተሸፈነት ኮይና ካብ 12 ዝበዝሑ ሰባት ጸዒና ብተሳፈርታ እናተጀለበት ትጎዓዝ'ያ። እቲ መጀለቢ ፈሳሲ ክኣትዋ ከምዘይክእል ኮይኑ እዩ ተነዲፉ። ድሕሪ ሞት ንጉስ ጀምስ፣ ኣብ ብሪጣንያ ዝነገሰ ቀዳማዊ ቻርለስ ከኣ ንኮርኔልየስ ምስጢራዊ ኣጽዋራት ክሰንዕ ሓተቶ። ኣብ ማይ እናኣንሳፈፈ ዝጎዓዝ ቦምባ ናይ ምስራሕ ፈተነ ኣካይዱ ምንባሩ'ውን እዩ ዝነገር።

ኣብ 1633 ዝሞተ ኮርኔልየስ ድረበል፣ ቅድሚ ምማቱ ዝበረ ግዜ ህይወቱ ብድኽነት ከም ዘሕለፎ'ዩ ዝግለጽ።

### ጥቕስታት መዘናዩ

- “ብድሆታት ንህይወት መሳጢት እዮም ዝገብሩዋ። ንብድሆታት ንምብዳህ ዝግበር ጻዕሪ ከኣ ህይወት ትርጉም ከምዝህልዋ ይገብር።”- ***ጆሹዋ ጀይ ማሪን***
- “ንሕልሚ ክብጻሕ ከም ዝኽእል ዝገብር ፍርሒ ውድቀት ጥራይ እዩ።”- ***ፓውሎ ኮልሆ***
- “ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ኣብ ዓመት ዝበለጸት መዓልቲ ምዃና ኣብ ልብኻ ጽሓፋ።” ***- ራልፍ ዋልዶ ኤመርሰን***
- “ስነ ፍልጠት ዝያዳ ብዝጸናዕኩ መጠን ኣብ ኣምላኽ ዘሎ እምነት እናወሰኸ እዩ ዝኸይድ።”- ***ኣልበርት ኣንሽታይን***
- “ዓበይቲ ሓሳባት ኣብ ምንቅስቓስ እዮም ዝምንጩው።”- ***ፍሬድሪክ ኒቸ***
- “ገለ ሰባት ብዛዕባ ዓወት ክሓልሙ እንከለዉ ገለ ድማ ካብ ድቃሶም ተበራቢሮም ይሰርሑ።”- ***ዊንስተን ቸርችል***
- “ብዘይካ ወሽጥኻ ካልእ ሰላም ከምጽኣልካ ዝኽእል የለን።”- ***ራልፍ ዋልዶ ኤመርሰን***
- “ካብ ዓወት ዘለዎ ህይወት፣ ዕግበት ዘለዎ ህይወት ይበልጽ። እቲ ምንታይ ዓወት ብኻልኦት'ዩ ዝዕቀን፣ ዕግበት ግን ብገዛእ ርእሰኻ'ዩ ዝዕቀን።”- ***ኣናንድ ኣርናልድ***


## ሕቶ ዝተመሳቐለ ቃላት

### ንጋድም

1. ክልተ ሓሙሽተ
4. ታሽዓይቲ ወርሒ
8. ውትፍ፣ ሰኹዕ
9. ከም ንጋድም ቁ. 13
11. ዕድል ትግበር፣ ትኹነልና
12. ከም ንጋድም ቁ. 27
14. ቀለም
15. ንወዲ ኑበሉ፣ ንጓል _____
16. ዕለታዊ መዘኑብ
17. ብጥንቲ ዝመሓላለፍ ሕማም
19. ብሓይሊ ማዕጾ ኽኽፈት ከሎ
20. ክልተ ፍልልይ ዘይብሎን
22. ረሳሕ ፈሳሲ ካብ ኣካልና ዝወጽእ
24. ቅብሊት ንእንግሊዘኛ
25. ሓሻኽ
26. ካብ ክዳውንቲ
28. ዓርዓረ
29. ናይዚ ቀረባ ግዜ ዘይኮነ
30. ኣብ ገዛ ዝነብር ሳዕሪ
31. ንሕቶ ግብረ መልሲ ሃበ
32. ባህታ፣ ዊንታ
34. ወላዲት
35. ሻዱሻይቲ ወርሒ
36. ሃደለ ___ ኪዳን ተባኢሱ።
37. ወጥጦ፣ ጉተቶ
39. ኦም
41. ወጠጠ
42. ኣብ ሀዋ ካብ እንዕዘ
43. ሓዋ ነደይ
44. ብሳኻ ዝሰራሕ
45. ጉብጦ፣ ሕጉብ
46. ካብ እንስሳ ዝርከብ ቅብኣት

### ንትኹል

1. ድሕሪ ጻዕሪ ዝርከብ
2. ጎዱፍ፣ ጎሓፍ
3. 'ተኸሰ' ከምዝላታ
4. ቢንቶ፣ ድልድል
5. ንሱ ኩቲቱ፣ ንሳ ___
6. ምምዕርራይ፣ ምውሕላል
7. ካብ ውቅያኖስ ዝንእስ ማያዊ ኣካል
10. ሰም ጓል
13. ፋዱስ እንምገቦ
15. ክትውስን ዘይምኽኣል፣ ላንጋ ላንጋ
17. ገዚፍ
18. ታኮ፣ መደገፍታ
19. ኩዓተ፣ ፈጉፈጎ
21. ባህ ባህ
23. ፍኹስ ዝበለ ዝናብ ምዝናብ
27. ግጥሚ
28. ስፈ ክንሰፊ ዝድልየና መሳርሒ
29. ቁረጽ፣ ጡበለ
30. በዘሓ፣ በርከተ
31. ናይ ርሳስ ጽሑፍ መእለዩ
34. ወላዲ
35. በጽሒ ወድ ተባዕታይ
37. ልኣኽ
28. ከርዓት
39. ኣርማና ዝኾነት እንስሳ
40. መርኣይትና



መም ያቆብ መርሃዊ (ጃኮ)

# ዛዕባ ሎሚ

# ዝኽሪ ቅንያት ናጽነት

## ስእነት ፍትሒ ኣብ ዝኾነ ቦታ፡ ስግኣት ፍትሒ ኣብ ኩሉ ቦታ

ሱልጣን መሓመድሳዒድ ዑመር

ኣብ ቅንያት ጽንበል ናጽነት፡ ኤርትራውያን ንድሕሪት ተመሊስና እነሰላስሎ ሓሳባትን ዝኽርታትን ብዙሕ እዩ። ገለና ኣብ ቃልሲ ንናጽነት ዝተኸፍለ ዋጋ ምስናይ ውልቃዊ ተመክሮታትና ቅጅል ክብለና ይኽእል፣ ገለ ኑቲ ከፋፊልካ ግዛእ ምርኻስ ዝገበረ ዝተሳዕረ ናይ ምብትታን ኣጀንዳ፣ ገለን ድማ ኑቲ ዝተናውሐ ዕጥቃዊ ቃልሲ ዝወለደ ዘይፍትሓዊ ውሳነ ፈደረሽን ምስናይ ዘይምኽኑይ ጉብጣ ኢትዮጵያን ካልእን ከሰላስል ይኽእል። ካብ ኩሉ እዚ ዝኽርታት'ዚ ድማ፡ እቲ ንኤርትራን ኤርትራውነትን ንምልሓቅ ተባሂሉ ዝረቐቐ ውሳነ ፈደረሽን እቲ ዝፈረየ እዩ ምብልኩዎ።

ድሕሪ ምዝዛም ካልኣይ ኩናት ዓለም፡ እቲ ካብ ሓሙኽሽቲ ኩናት ዝተወልደ፡ ንናጽነትን ሓርነትን ህዝብታት ንምጽናዕን ምሕላውን ዝቘመ ኣህጉራዊ ትካል፡ ሕቡራት ሃገራት፡ ምውሓስ መሰል ርእሰ ውሳነ ህዝብታት ከም ዋና ተልእኾኡ ወሲዱ ክሰርሓሉ ብምውሳን፡ ንጥፈታቱ ኣሃዱ ኢሉ ጀመረ። ነዚ መርሓ ከርዕም ቀንዲ ምኽንያት ካብ ዝኾኑዎ ጉዳያት ሓደ፡ ኣብ ትሕቲ ሓለንጊ መግዛእቲ ሃገራት ኤውሮጳ ዝጸንሓ ሃገራት ዓለም፡ ገለን ብሓርነታዊ ቃልሲ ገለን ብርድየት ናይተን ግዛእቲ፡ ናጽነተን ክጉንጸፋ ስለ ዝጀመራ፡ ምስቲ ኩነታት ተተሓሒዙ፡ ሕቶ መሰል ርእሰ ውሳነ ህዝብታት ኣገዳሲ ዛዕባ ናይቲ መድረኽ'ቲ ክኸውን ብምኽኣሉ እዩ። እንተኾነ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ምጥጣቕ መሰል ርእሰ ውሳነ ህዝብታት ዘይት ውጽኢታዊ ስርሓት ዓሚሙ ክብሃል ኣይክኣልን። ኣብ ገለ ጉዳያት ድማ ንዝቘመሉ መትከላት ዝጻባእ ውሳነታት ከሕልፍ እዩ ተራእዩ።

ሓደ ፍሉይ ኣብነት ናይዚ ምድንባላቕ'ዚ፡ እቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝተፈጸመ ምግሃስ መሰል ርእሰ ውሳነ እዩ። እቲ ካብ ፈለማኡ'ውን ካብ ሓዲዱ ዘንደልሃጸ ውድብ፡ ብዲፕሎማስያዊ ድለላን ጸቕጢ ሓያላን ሃገራትን ተደፊኡ፡ ንሕቶን መሰልን ህዝቢ ኤርትራ ከም ሓደ ዘዋገድስን ንኣድህቦ ፍትሓዊ መስርሕ ሕቡራት ሃገራት ዘይብቕዕን ጉዳይ ብምቕራጽ፡ ኩሉ-መዳያዊ መሰሉ ነፈጉዎ። እቲ ውድብ ንጉዳይ መሰል ርእሰ-ውሳነ ህዝቢ ኤርትራ፡ ከም ኣብ ሓደ ወሰን ዘሎ ናይ ንእሽቶ ህዝቢ ቅሬታ ዝቐረጸ ይመስል። ርግጸ'ዩ፡ ድሌት ህዝቢ ኤርትራ ንምጽናዕ ተባሂሉ፡ ሓደ ናይ ምርምር ኮሚሽን ኣጣይሱ ነይሩ እዩ። ዕላማኡ ግን ናብቲ ክውሰን ዝተደለየ ዓመጽ ዝመርሕ ለበዋታት ንምሕላፍን ምኽኑይነት ናይቲ ዝሰዓበ ውሳነ ንምፍጣርን እዩ ነይሩ።

እዚ ድሕሪ ምዝዛም ካልኣይ ኩናት ዓለም ዝተፈጸመ ቅሉዕ ዓመጽ፡ ምስቲ ሎሚ ኣብዩ ክፋል ዓለምና ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ኣጋጢሙ ዝርከብ ኣህጉራዊ መልክዕ ዘለዎ ቅልውላውን ኣተሓሕዚኡን ምስ እንምልከት፡ ኣብ ጠንቅን ሳዕቤንን ዘሎ ምትሕሓዝ ንምርዳእ ኣዝዩ ሓጋዚ እዩ። ኣብ እዋን ምዝርዛር መግዛእቲ፡ ንስትራተጂያዊ ረብሓ ርእሰ ሓያላን ተባሂሉ፡ መሰል ህዝቢ ኤርትራን ካልኦት ንኣሸቱ ህዝብታትን ብምጉዕጻጽ ዝጀመረ ዘይቅርዑይ ኣካዪዳ፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣበየናይ ደረጃ በጺሑ ኣሎ ምስ እንዕዘብ፡ እቲ ብሞራላዊ ቅኑዕነት፡ ንስትራተጂያዊ ረብሓ ህዝብታት ዓለምና፡ ንሰላምን ምርግጋእን ቀዳምነት ሂቡ ክሰርሕ ዝዋቐብ ዝነበረ ሕቡራት ሃገራትን ንሱ ዝማእከሉ ኣህጉራዊ ስርዓትን ካብይ ናበይ ከም ዝሳገሙ ብንጹር ዘርኢ እዩ።

ህሉው ኩነታት ዓለምና ብዝተፈላለየ መልክዓት ክርአ ይከኣል እዩ። ኑቲ ሓቀኛ ምስሊ፡ ምስ ተመልከትካን ኣብ መንጎ መስመራት ዘሎ ንባብት ምስ ተገንዚብካን ግን፡ ማርቲን ሉተር ኪንግ፡ ኣብ መንጎ ጠንቅን ሳዕቤንን ዘሎ ምትሕሓዝ ኣመልኪቱ ዝተዛረቦ ቃላት ይሰወጠካ። ሉተር፡ "ስእነት ፍትሒ ኣብ ዝኾነ ቦታ፡ ስግኣት ፍትሒ ኣብ ኩሉ ቦታ፡" (Injustice anywhere is a threat to justice everywhere,") ኢሉ ነይሩ። እዚ ኣበሃህላ'ዚ ንህሉው ቀውመና ዓለምና ብዝግባእ ዝገልጽ እዩ። እዚ ቃላት'ዚ ኣብ ዘመን ምንቅስቓስ ሰቪላዊ መሰላት ኣመሪካ ዝተባህለ እዩ። ግን፡ ክንዮ ናይቲ መድረኽ'ቲ ብድሆ፡ ነዚ ሎሚ ዘሎ መድረኽ ዝገልጽ ረዚን መልእኽቲ ዝሓዘለ ብህሎ እዩ። ሉተር፡ ኣብ ዝኾነ ክፋል ዓለም ዝፍጸም ዓመጽ/ዘይፍትሓውነት፡ ኑቲ ኣብ ኩሉ ክሰፍን ዝድለ ፍትሒ ስግኣት እዩ፣ ክብል እንከሎ፡ ንኣድማሳዊ ባህርይ ሕጊን መሰላትን ንምግላጽ እዩ። ህይወት ደቂ ሰብ ኣዝዩ ዝተኣሳሰረ ምኳኑ ዝገልጽ ድማ እዩ። ንሓደ ሰብ ብቐጥታ ዝጸሉ ንኩሉ ሰብ ብተዘዋዋሪ ከም ዝጸሉ እዩ ሉተር ተዛሪቡ። እዚ ብህሎ'ዚ፡ እቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝተፈጸመ ዓመጽን ንምእራሙ ዝተኸፍለ ዋጋን፡ ምስቲ ዓለምና ኣብዚ ሕጂ ሰዓት ዋጋ ክትከፍለሉ ተገዲዳ ዘላ ኩነት ክሳብ ክንደይ ተኣሳሳሪ ምኳኑ ኣነጺሩ ዘርኢ እዩ።

ብመንጽር እቲ ሉተር ዝጠቐሶ ዘይፍትሓውነት፡ ጉዳይ ኤርትራ ተራ ናይ ፍርድን መረዳእታን ጉድለት ኣይነበረን። ብኣገባብ ዝተቐርጸ፡ ስርዓታውን ውሁድን ጥልመት ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ እዩ ነይሩ። ኣብ 1952 ሕቡራት ሃገራት፡ ተራ ስሕተት ኣይኮነን ፈጺሙ። ንመሰል ርእሰ-ውሳነ ህዝቢ ኤርትራ ብስትራተጂያዊ ጸጥታዊ ረብሓ ኣመኻንዩ ኣብ መሰውኢያ (Altar) ጂኦፖለቲካ ዝሑል ኩናት እዩ ክሰውኦ መሪጹ። እቲ ውድብ ብውሳነ 390 A(V) ኣቢሉ ንኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ብፌደረሽን ምቑራኑ ድማ፡ መጻኢ ዕድል ሓንቲ ኣፍሪቃዊት ሃገር ጥራይ ዘይኮነ ከጸልምት ተበጊሱ፡ ኣብ ሱር ደም ኣህጉራዊ ሕጊ ሓደገኛ መርዚ እዩ ሰኺዑ። ቀጺሉ ዝሰዓበ፡ ምፍራስ ፈደረሽንን ጉብጣን እውን ብዓቢኡ ብሰቕታ ናይቲ ውድብ እዩ ተሳሊጡ። 'ኢትዮጵያ ስትራተጂያዊት መሓዛና እያ' ዝብል ቅድመ ኩነት ፖሊሲ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ድማ ፍኖተ-ካርታ ናይቲ ዓሎቕ እዩ ነይሩ።

እዚ ፍኖተ-ካርታ'ዚ ክሳብ እዋን ናጽነት ኤርትራ ጥራይ ዘይኮነ፡ ድሕሪ ናጽነት እውን፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ንዝተጻወደ ናይ ክርደና ውጥንን ንኢትዮጵያ ዝተዓደለ/ዝተመጠወ ፍሉይ መሰል ምጥሓስ ኣህጉራዊ ሕግታትን ንምስሳይ ዘገልገለ ፖሊሲ እዩ።

መሰል ህዝቢ ኤርትራ ብምጉዕጻጽ፡ ዝተበየነ ውሳነ ፈደረሽን እምበኣር፡ ሓደ ካብ ጠንቅታት ናይዚ ሎሚ ኣብ ዘመናዊ ታሪኽ ዓለምና ኣጋጢሙ ዘሎ ሳዕቤናት ምብሕንግ ቀጸላ ኣህጉራዊ ፍትሒ እዩ እንተተባህለ ምግናን ኣይኮነን። ካብ ካልኣይ ኩናት ዓለም ዝተቐሰመ መሪር ተመኩሮ ሒዙ፡ ንመሰል ርእሰ ውሳነ ህዝብታት ክብርን ሚዛንን ሂባ ክትሰርሕ ዝተመባጸዐት ዓለም፡ ቀለም መብጽዓኣ ከይደረቐ፡ ኑቲ ክዉንነታዊ መሰል ህዝቢ ኤርትራ፡ ብሰበብ ስትራተጂያዊ ረብሓ ተመኺልያ ክትግህሶ መሪጻ። እዚ ድማ፡ መጀመርታ ናይቲ ሎሚ ዕርቃኑ ወጺኡ ዝርአ ዘሎ ውድቀት እዩ ነይሩ።

ህዝቢ ኤርትራ ድማ ኑቲ ዝተፈጸመ ታሪኻውን ሕጋውን ጌጋ መኣረምታ ክግበረሉ፡ መሰሉ ክሕሉን ክረጋገጽን ኣዝዩ ከቢድ ዋጋ እዩ ከፊሉ። ኣብ መወዳእታ ከኣ፡ ኑቲ ሓያላን ዓለምና ረብሓታተን ንምውሓስ ዘቐነንኦ ፍትሒ ሓጺን ብሓዊ ኣርሲኑ ብምቕናዕ ሰንደቕ ዕላማኡ ሰቒሉሉ። እቲ እንግድዓ ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ዝጸሮ ናይ 30 ዓመታት መሪር ዕጥቃዊ ቃልሲ፡ ብሓይሊ ዘድሂ ድምጺ ነይሩዎ። ዓለም ፈጺማ ክትሰምዖ ዘይትደሊ ዝነበረት ድምጺ። ህዝቢ ኤርትራ ልኡላዊ መሰሉ፡ ሓያላን ተዛትየን ብዘመጠዋኦ ውሳነ ዝድምደም ከም ዘይኮነ ዝዋግር መልእኽቲ ዝሓዘ ድምጺ። እዚ መልእኽቲ'ዚ ክንዮ ናጽነት ኤርትራ ሳጊሙ፣ እቲ ሎሚ ዓለምና እትርእዮ ዘላ ኣህጉራዊ ስርዓት ናይ ምድቃቕ ተግባራት ሳዕቤን ናይቲ ሕቡራት ሃገራት ኩብገስ እንከሎ ዝተኸተሎ ዘይቅኑዕ ኣካዪዳ ምኳኑ ብግዜ ዝመስከረ መልእኽቲ። ኣብ 50ታት ንመሰል ህዝቢ ኤርትራ ዕሸሸ ዝበለ ቅዱ ዓለማዊ ምሕደራ፡ ሎሚ ዕሜ ኩለን ሃገራት ኮይኑ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ኣብ ግብሪ ክውዕል ንርኢ ኣለና። እቲ ንምድፋን ፍትሓዊ መሰል ህዝቢ ኤርትራ ማሕተሙ ዘንበረ ትካል ሕቡራት ሃገራት፡ ሎሚ እውን ብሓያላን መሳርዑ ክቋሸሽን ክንጸግን ንዕዘብ ኣለና። እዚ ድማ፡ ከም ብህሎ ማርቲን ሉተር ኪንግ፡ ኣብ ሓደ ዝፍጸም ዓመጽ ኣብ ኩሉ ቦታ ክሰፍን ንዝድለ ፍትሒ ስግኣት ምኳኑ እዩ ዘጉልሕ።

ኣብዚ እዋን'ዚ ዓለምና ትኽተሎ ዘላ ሕግን ስርዓትን ብፍሉይ ሰረተ እምነት ድርብ መዐየሪ ዝተቐየሰ እዩ። ሓንቲ "ሕርይቲ" ሃገር፡ እትፍጽሞ ቅሉዕ ወራር፡ 'ናይ ጸጥታ ኣድላይነት' ብዝብል መጠረዚ ይቕረጽ። ልክዕ ከምቲ ንጉብጣ ኤርትራ ብኢትዮጵያ ምኽኑይ ንምግባር 'ዞባዊ ምርግጋእ' ከም መጠረዚ ዝተቐመጠ ማለት እዩ። ጸጥታዊ ረብሓ ሓያላን ሃገራት ልዕሊ ፍትሒ ናይቶም ዝተዋሰኑ ህዝብታት እዩ ዝስራዕ። እዚ ድማ'ዩ ንመዋቕር ኣህጉራዊ ፍትሒ ከምዝብሕጉግ ዝገበረ ቀንዲ ጠንቂ።

እቲ ሎሚ ብሓያላን ዓለምና ዝፍጸም ዘሎ ዘይፍትሓዊ ተግባራት፡ ካብቲ ንኩልና ከጽልለና እንጽበዮ ልብሲ ፍትሒ ፈትሊ ከም ምስሓብ ማለት እዩ። ኑቲ እንዕዘቦ ዘለና ምሽርሻር ኣህጉራዊ መጻውራት ብዝተመልከተና ድማ፡ እቲ "ስእነት ፍትሒ ኣብ ዝኾነ ቦታ፡ ስግኣት ፍትሒ ኣብ ኩሉ ቦታ፡" ዝብል ግዜ ዘይስዕሮ ኣርሒቑ ዝጥምት ፍልስፍና ይሰወጠና።

ዘለናዮ እዋን፡ ዓለምና ፍረ ናይቲ ኣቐዲማ ዝዘርኣቶ ዘርኢ፡ እትሓፍሰሉ ናይ ዓጺድ እዋን ይመስል። ንምቝእነት ሐደት ሓይልታት ኩተርዊ ዝዘርኣቶ ግናይ ዘርኢ፡ ሰላም ክሕፈሶ ትጽቢት ኣይግበርን። ከመይሲ ፍትሒ ተራ ናይ ሽቐጥ ኣቓሓ ዘይኮነ፡ ንርግኣትን ዘላቒ ሰላምን ዝሰፈና ዓለም ናይ ህላወ ትንፋስ እዩ። ብዘይ ንሱ፡ ዋላ'ውን እቶም ሓያላት ኢና በሃልቲ ኣብቲ ባዕሎም ዝወለዕዎ ቅልውላው፡ ልክዕ ከምቲ ሕጂ ንዕዘቦ ዘለና፡ ትንፋስ ሓጺሩዎም ወላእላእ ክብሉ ግድን እዩ።

ኣብ ታሕሳስ 1952 ንኤርትራ ብጥቡብ ናብ ኢትዮጵያ ንምልሓቕ ዝሓለፈ ዘይፍትሓዊ ውሳነ ውሳነ 390 A (V)፡ ብሸፋን ስትራተጂያዊ ረብሓ፡ ጸጥታዊ ውሕስነትን ምኽባር ሰላምን ዝተጉልበበ ሕጋዊ ዝመስል ናይ ዘይምርግጋእ ቫይረስ እዩ ነይሩ። እዚ ድማ ኑቶም ቀየስቱ፡ ንወራሪን ኣስፋሕፋሕን ተግባራቶም ከመኽንዩን ኑቲ ዝተጻሕፈ ሕጊ ዕሸሸ ክብሉን ድልዱል መሰረት ኮይኑዎም።

ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ኣጋጢሙ ዘሎ ቅልውላው፡ ሕቡራት ሃገራት ናይ ግዝኣ ርእሱ ሕግታት ኩተግብር ብዘይ ምኽኣሉ ዝመጸ ንታሪኽ ኤርትራ ዘዞኻኽር ሳዕቤን እዩ። እዚ ሕጂ ንርእዮ ዘለና ዘይርጉእነት ኣህጉራዊ መስመር ማያት፡ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ፡ ህንዳዊ ውቅያኖስን ካልኦት ኣገደስቲ ማያዊ መስመራትን፡ ቀጥታዊ ውጽኢት ናይቲ ንሓደ ክፍለ ዘመን ዝቐጸለ፡ ኣብ ክንዲ ንህንጸት ሰላምን ርግኣትን ዝሰፈነን ሃገራት ቀዳምነት ምሃብ፣ ናብ ምድኳን ወተሃደራውን ጸጥታውን ማእከላት ምጉያይ ዝሰዓበ እዩ። ሽርክነታውን ውሁድን ስርዓት ምሕደራ መዋስኑቲ ባሕሪ ዝብል መትከል ኤርትራን ካልኦት ዞባውያን መሻርኽቲን ዝሰምያ ስለዝሰኣኑ፡ ብቐሊሉ ዘይዕበስ ክምላእ ዘጸግም ባዶነት ናይ ጸጥታ ፈጢሩ ይርከብ።

ኣብዚ ሕጂ እዋን፡ ዓለምና ካብቲ ብኣመሪካ ክቕለስ ዝጸንሐ እንኮ ቀጽራዊ ስርዓተ ምሕደራ ናብ ብዙሕ-ቀጽራዊ ስርዓተ ምሕደራ ገጻ ትምርሽ ምህላዋ ዝእምቱ ሓያሎ ምልክታት ይረኣዩ ኣለው። ዋላ'ኳ ካብን ናብን ዝተገልጸ ኣገባባት ፖለቲካዊ ምሕደራ ኣብ ዘጋጥመሉ መድረኽ ሰጥጋር ኣሰካፍን ኣዕናውን ተርእዮታት ይርአ እንተሎ፡ እቲ ቅልውላው ክሕለፍ ዘለዎ ናይ ለውጢ መስርሕ እዩ። እዚ ድማ ንኩለን ሃገራት ብሓፈሻ ብፍላይ ድማ ነተን ኣብ ደቡባዊ ግሎብ (ግሎባል ሳውዝ) ዝርከባ ሃገራት ዓቢ ትምህርቲ ዘቐስመ እዩ። ምኽንያቱ እቶም ብኣውሓስቲ ፍትሒ ዝተጠመቑ ኣካላት እቶም ፍትሒ ብርሃን ጸሓይ ንኸይርኢ ዝጉብኡ ዘለዉ ስለ ዝኾኑ።



# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሊግ ዞባ ማእከል ቀጺሉ

### ደንደን መሪሕነት ሒዛ፣ ኣዱሊስ ነጥቢ ተማቒላ

ካልኣይ ዙርያ ሊግ ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል፡ ሰንበት 26 መጋቢት ኣብ ስታድዮም ኣስመራ ብኽልተ ጸወታታት ቀጺሉ።

ብ15 ነጥቢ ሳልሳይ ደረጃ ሒዛ ዘላ ኣዱሊስ፡ ትሸዓተ ነጥቢ ሒዛ ሻድሻይ ደረጃ ንዝሓዘት ኩባንያ ህንጻ ሰገን ገጢማታ። ኣዱሊስ ኣብ መበል 42 ደቒቕ ብመገዲ ሄርሞን እስቲፋኖስ ብዘረሸበታ ሹቶ፡ ናብ ዕረፍቲ ብመሪሕነታ 1-ብ0 ወጺኣን።

ኣብ ካልኣይ እብረ ግን፡ ኩባንያ ሰገን ኣብ መበል 59 ደቒቕ ብመገዲ ፋኑኤል ጎይትኦም እተመዓራረየ ሹቶ ረኺቡ፡ ዝተወሰኸ ሹቶ ብዘይምንባሩ ከኣ 1-ብ1 ተፈላልየን። ብሉጽ ተጻወታይ ናይታ ግጥም ሄርሞን እስቲፋኖስ ተባሂሉ።

ቀጺለን ደንደንን ኮርፖረሽን ዘራእቲን ጥሪትን ገጢመን። ናብ ዕረፍቲ 0-ብ0 ድሕሪ ምውጽአን፡ ካልኣይ እብረ ሰለስተ ደቓይቕ ጥራይ ምስ ተጻወተ፡ ተጻዋታይ ደንደን



ተጻዋታይ ደንደን - ሲራክ መብራህቱ

ሳይሞን ሚካኤል ብኽልተ ብጫ (ብቐይሕ ካርድ) ብምብራሩ፥ ደንደን ብኸደሎ ክትጻወት ቀሲቡዋ።

ይኹን እምበር፡ ድሕሪ ኣርባዕተ ደቓይቕ ደይሸን ግብጻዊ ንጋንታኡ ደንደን መሪሕነት ዘትሓዘት ሹቶ ኣመዝጊሉ። ዘራእቲን ጥሪትን ግን፡ ክልተ ደቓይቕ ጥራይ ጺሒሓ ግብረ መልሲ ሂቡ፡ ኣቐዲሙ ገለ ዕድላት ዘኾሰሰ ርቢል ዞሚካኤል፡ እተመዓራረ ሹቶ ኣመዝጊቡ። ማዕረ ምውጻእ፡ ዋንጫ ንምልዓል ኣንጻር ቀይሕ ባሕሪ ኣብ እተካየዶ ዘላ ቅልስ ጸገም ከምጽኣላ ምኻኑ ዝተገንዘበት ደንደን፡ ኣብ መበል 88 ደቒቕ ብመገዲ ሲራክ መብራህቱ እተዐወታ ሹቶ ረኺባ ብጸቢብ 2-ብ1 ሰዒራ። መዐወቲት ሹቶ ዘመዝገበ ሲራክ፡ ናይታ ግጥም ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ።



ተጻዋታይ ኣዱሊስ - ሄርሞን እስቲፋኖስ

በዚ ወጽኢት፡ ሓንቲ ጸወታ ዝጎደላ ቀይሕ ባሕሪ ኣካይዳ ዘላ ደንደን፡ ብ22 ነጥቢ መሪሕነት ናይቲ ሊግ ሒዛ ኣላ፡ ቀይሕ ባሕሪ ብ19 ነጥቢ ትስዕብ፡ ኣዱሊስ 16 ነጥቢ፡ ኣስመራ በራ 14፡ ኩባንያ ሰምባል 13፡ ኩባንያ ሰገን 10፡ ዘራእቲን ጥሪትን ሸሞንተ፡ ኣልታሕረር ሸውዓተ፡ ማይ ተመናይ ኣርባዕተ ነጥቢ ኣኪበን ክሳብ ታሻዐይቲ ተሰሪዐን ኣለዋ።

እዚ ከምዚ’ሉ እንከሎ፡ ሊግ ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ ብቀዳም ቀጺሉ። ደንደን ንምምሕዳር ሰምባል 7-ብ0፡ ኢንሹራንስ ንምምሕዳር ዕዳጋ ሓሙስ 5-ብ0 ክስዕረአን እንከለዋ፡ ጎዳይፍን ገጀረትን 1-ብ1 ተፈላልየን።

ብዘይካ’ዚ፡ ሻምፕዮን ካልኣይ ዲቪዥን ደቂ ተባዕትዮ’ውን ኣብ ዝቐጸለሉ፡ ኣርባዕተ ኣስመራ ንንጉዳዊ ባንኪ 6-ብ0፡ ፓራዲዞ ንቲራቦሎ 5-ብ0 ክስዕረአን እንከለዋ፡ ኣኽርያን ምምሕዳር ሰምባልን 0-ብ0 ተፈላልየን፤ ኣኽርያ ከኣ ንመጀመርታ ግዜ ነጥቢ ኣጥፊኣ።

---

## ሃገራዊ ልዕሊ ዕድመ ውድድር ትራክን ፊልድን ተኻዪዱ

ሃገራዊ ውድድር ልዕሊ ዕድመ ናይ ትራክን ፊልድን፡ ሰንበት 26 ሚያዝያ ኣብ ኣስመራ ስታድዮምን ቤ/ት ቀይሕ ባሕርን ተኻዪዱ።

እዚ ውድድር፡ ኣብ ትራክ ካብ 100 ሜትሮ ክሳብ ናይ 10 ሽሕ ሜትሮ ርሕቀት ዝሸፈነ ነይሩ። ኣብ ትግባረ ድማ ናይ ጃቨሊን ዲስኮስ ዳርባ ዒረር ናይ ርሕቀትን ናይ ልዕለት ዝላን ኣጠቓሊሉ። ዞባታት ማእከል፡ ደቡብ፡ ዓንሰባን ጋሽ ባርካን ከምኡ’ውን ክለብ ደንደን ሚኒስትሪ ምክልኻል ዝተሳተፍኦ ብጠቕላላ 90 ደቀንስትዮ ዝርከብኦም ብድምር 234 ኣትሌታት ተሳቲፎሞ።

ኣብዚ ውድድር ናይ ትራክ ኣብ ግዜ ምምሕያሽ ክርአ እንከሎ፡ ኣብ 5,000 ሜትሮ ኦሎምፒካዊት ኣትሌት ራሄል ዳኒኤል ብ16 ደቒቓን 11 ካልኢትን 67 ንኡስ ካልኢትን ብምዝዛም ብሉጽ ግዜ ኣመዝጊባ። ብዘይካ’ዚ፡ ኣብ 10,000 ሜትሮ ራሄል ዳኒኤል፡ ድያና ሸሻይን ሰምረት ወልዱን ብትሕቲ 35 ደቒቓን 20 ካልኢትን ብምዝዛም ብሉጽ ግዜ ኣመዝጊበን። ኣሰልጣኒ ሊቨንስቶን ኣብርሃም ብሉጽ ዓሰልጣኒ ተባሂሉ ተሸሊሙ።

ኣብዚ ውድድር፡ ደንደን፡ ብደቂ ተባዕትዮ ሸሞንተ ወርቂ፡ ሽዱሽተ ብሩር፡ ሓሙሽተ ኑሓስ ብምርካብ ጉብለል ክትከውን እንከላ፡ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ዞባ ማእከል ሸውዓተ ወርቂ፡ ሽዱሽተ ብሩር፡ ሰለስተ ኑሓስ ብምርካብ ጉብለል ተሰምያ። ክልተአን ጋንታታት 10,000 ናቕፋን ዋንጫን ተሸሊመን።

ኺ ኺ እዚ ውድድራት፡ ኣብ ናይ ፓራ-ኣትሌቲክስ ንጥፈት’ውን ኣብ ዊልቸር ክልተ ካታጎሪ ማለት ናይ ዓንዲ ሕቖ ሰንክልናን ናይ መሓውር ሰንክልናን ተፈልዩ ተጻዊቶም። ናይ ዓይነ ስውራን ውድድር ከኣ ናይ 100ን 200ን ሜትሮ ርሕቀት ምኻያዱ፡ ህዝባዊ ርክባት ሃገራዊ ፈደረሽን ኣትሌቲክስ ኤርትራ ሓቢሩ።



ብደቂ ኣንስትዮ ጉብለል ዝኾኑ ዞባ ማእከል



ብደቂ ተባዕትዮ ጉብለል ዝኾኑ ክለብ ደንደን

---

## ሳይሞን፡ ራብዓይ ኣትዩ

### ዓብለሎም፡ ሻውዓይ ደረጃ ሒዙ



ሳይሞን፡ ከቢብ ምልክት ተገይሩሉ ዘሎ

ኤርትራዊ ኣትሌት ክለብ ፍረ ጻዕሪ - ሳይሞን ተስፉገርግሽ፡ ሰንበት ኣብ ህንዲ ኣብ ናይ 10 ኪሎሜተር ውድድር፡ ራብዓይ ብምእታው፥ ንሽኮላ መድረኽ ካብ ምድያብ ተገቲኡ።

ነዚ ውድድር፡ ተወላዲ ብሩንዲ ክፒዞር ሮድሪጉ ብ27 ደቒቓን 31 ካልኢትን ተዓዊቱሉ። ኡጋንዳዊ ከበት ሃርበርት ከበትን፡ ሸሞንተ ካልኢት ድሒሩ ተሸላሚ ብሩር መዳልያ፡ ኬንያዊ ኪፕኮርኤ ጊልበርት ከኣ፡ 12 ካልኢት ተፈንቲቱ ተሸላሚ ኑሓስ መዳልያ ኮይኑ።

ትሰፉው ኣትሌት ሳይሞን ተስፉገርገሽ ከኣ ካብ ዕወት 13 ካልኢት ድሒሩ ራብዓይ ኣትዩ።

እዚ ኣብ ከተማ ባንጋሎሩ ዝተባህለት ኣብ ሃገረ ህንዲ ዝተኻየደ ውድድር፡ ንመበል 18 ግዜኡ እዩ ተሰላሲሉ።

ብዘይካ’ዚ፡ ኣትሌት ክለብ ደንደን - ዓብለሎም ከሰተ፡ ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት ኣብ ጀርመን ‘ሃምቡርግ ማራቶን’ ሻውዓይ ኣትዩ። ነዚ ውድድር፡ ሞሮኳዊ እል ጎምሪ ኣትማን ብ2 ሰዓት፡ 4 ደቒቓን 24 ካልኢትን ክዕወተሉ እንከሎ፡ ዓብለሎም፡ ብ2 ሰዓት፡ 5 ደቒቓን 21 ካልኢትን ዛዚሙ። ዓብለሎም፡ ኣብ ስርሒት ፈንቅል ንዝተኻየደ ውድድር ፍርቂ ማራቶን ምብራቕ ኣፍሪቃ 2026 ከምዝተዓወተሉ ኣይርሳዕን።

---

## ፒኤስጂ - ባየር ሙኒክ

ዓበይቲ ክለባት ኤውሮጳ ፒኤስጅን ባየር ሙኒክን፡ ሎሚ ምሸት ኣብ ፍርቂ ፍጻመ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ዘካይድኦ ጸወታ፡ ብኢጋኡ ልዑል ግምት ተዋሂብዎ ኣሎ።

ናይ ዓሚ ዕወትቲ ናይዚ ውድድር ዝኾነት ፒኤስጂ፡ ኣብ ርብዒ ፍጻመ ንሊቨርፑል ብናይ ክልተ እግሪ ወጽኢት 4-ብ0 ሰዒራ ምሕላፋ ይዝከር። ንቸልሲ’ውን ኣብ ዙር 16 ኣብ ክልተኡ 8-ብ2 ሰዒራ ዝሓለፈት ፒኤስጂ፡ ኣርባዕተ ተኸታተልቲ ግጥማት ሻምፕዮንስ ሊግ ክትዕወት - ኣብ ታሪኽ እቲ ዝለዉሐ እዩ። ንሳልሳይ ተኸታታሊ ወቕቲ ናብ ፍርቂ ፍጻመ ክትሓልፍ’ውን ክኢላ ኣላ።

ፒኤስጂ፡ ሎሚ ምስ እትዕወት ሓደ ታሪኽ ክትሰንድ እያ - ናይ ፈለማ ፈረንሳዊት ክለብ 100 ዓወታት ሻምፕዮንስ ሊግ ዘመዝገበት ብምዃና። ምስዚ ጸወታ ዝተኣሳሰር ከኣ፡ ናይ ፈለማ ናይ ሻምፕዮንስ ሊግ ዓወታ ኣብ 1994-95 ኮይኑ፡ ኣብ ልዕሊ’ዛ ሎሚ እትዕድማ ባየር ሙኒክ ኣብ ናይ ምድላብ ጸወታ እዩ ነይሩ።

19 ሚያዝያ ንሹቱትጋርት 4-ብ2 ምስ ሰዒረታ ሻምፕዮንስ ቡንደስሊጋ ምዃና ዘረጋገጸት ባየር ሙኒክ፡ ንሪያል ማድሪድ ገሊፋ ናብ መድረኽ በጺሓ ትርከብ። ሙኒክ፡ ኣብዚ ወቕቲ ኣብ ናይ ምድላብ ጸወታ ናብ ፓሪስ ተጓዒዛ ንፒኤስጂ 2-ብ1 ሰዒራታ ነይራ። ሎሚ ኣብ ዝተፈልየን ወሳኒን መድረኽ ድማ፡ እዚ ዓወት ክትደግሞ ሓሊና ኣላ።

*** ማስመር ምክልኻል ከቢድ ስራሕ ዝጽበዮ ምሸት**

ማስመር መጥቃዕቲ ክልተአን ክለባት፡ ሹቶታት ኣብ ምቝጻር ልዑል ዓቕሚ ብዘለዎም ብሉጻት ተጻወትቲ እዩ ዝቖለለ። ክልተአን ኣብ ውድድር ኣፍሲ ወክፈን 38 ሹቶታት ኣመዝጊበን ኣለዋ። ብሹቶ ንሓደ ጸወታ እንተተዓጺሩ ግን፡ ፒኤስጂ፡ ብቀጥታ ናብ ዙር 16 ብዘይምሕላፋ ክልተ ተወሰኽቲ ግጥማት ብምስልሳላ ዝበለጸ ገምጋም ሹቶ ንሓደ ጸወታ ናይ ሙኒክ እያ - 3.17 ሹቶ።

ብሓፈሻ፡ ፒኤስጂ፡ እቲ ዝበዝሐ ሹቶታት ኣብ ሓደ ወቕቲ ሻምፕዮንስ ሊግ ዘመዝገበትሉ ብምዃኑ ክብረ ወሰን ኮይኑላ ኣሎ። ሙኒክ ግን፡ ኑቲ ኣብ 2019-20 ዘቖጸረቶ 43 ሹቶታት ቀሪቡቶ ኣሎ።

በዚ ድማ፡ ማስመር ምክልኻል ክልተአን ክለባት፡ ኣብዚ ምሸት ብርቱዕ ስራሕ ከምዝጽበዮ ይግመት።

*** ቅልስ ማስመር ምክፍፋል**

ጸወታ ክጽልዉ ዝኽእሉ በኣሕቲ ኣከፋፈልቲ ናይዞም ክለባት፡ እዚ ማስመር ንምቁጽጻር ዝዑበርዎ ቅልስ’ውን ካብቲ እዚ ጸወታ መሳጢ ክገብሮ ትጽቢት ዝግበረሉ እዩ። ፒኤስጂ፡ ወላ’ኳ ወሳኒ ኣከፋፋሊኣ ቪቲንያ ክትተኩሮ ከምእትኽእል ይግለጽ እንተሃለወ፡ ነቭስ፡ ሩዩዝን ዛይረ-ኤምሪን ግን፡ ኣንጻር ኪሚክን ፓቭሎቪችን ማእከላይ ቦታ ንምቊጽጻር ዝዓብዩዎ ውድድር፡ ጸወታ ክውስን ይኽእል እዩ።

*** ህሉው ኩነታት ተጻወትቲ**

**ፒኤስጂ**

ኣብ ካልኣይ እግሪ ጸወታ ኣንጻር ሊቨርፑል ሰሪ መጉዳእቲ ዘይተሰለፉ ጆዘረ ደዌን ኑኖ መንደዝን፡ ነዛ ጸወታ ድሉዋት ምዃኖም ይግለጽ። እንተ ወሳኒ ኣከፋፋሊ ቪቲንያ፡ ሰሪቲ ቅድሚ ክልተ ሰሙንቲ ዘጋጠሞ ማህረምቲ፡ ህላወኡ ኣጠራጣሪ እዩ። ንልዕሊ ክልተ ኣዋርሕ ብሰንኪ ናይ ብርኪ ጸገም ተኣልዩ ዝጸንሐ ፋብያ ሩዩዝ ግን፡ ዝሓለፈ ቀዳም ንኣንጀርስ 3-ብ0 ኣብ ሰዓረትሉ ናይ ሊግ ጸወታ ንቀዳሞት 45 ደቓይቕ ብምስላፉ፡ ምልሶኡ ንማስመር ምክፍፋል ዓቢ ሓገዝ እዩ።

**ባየር ሙኒክ**

ሰርጎ ግናብሪ፡ ቶም ቢሾፍን ሰቨን ኣልሪችን ብዝተፈላለየ መጉዳእቲ ኣብርኪቶ ዘይብሎም እዮም። ለናርድ ካርል’ውን ወላ’ኳ ኣብ ናይ መውዓእታ ናይ ተሃድሶ ግዜ እንተሃለወ፡ ነዛ ጸወታ ከርክበሉ ግን ኣይግመትን። እቲ ዝዓበየ ናይ ብኩራት ዜና ግን፡ ዓላሚ ናይዛ ጋንታ ቪንሰንት ኮምፓኒ፡ ሰሪ ዝወሰዶ ሰለስተ ብጫ ካርድ፡ ከም መቕጻዕቲ ነዛ ጸወታ ስለዘኸስሮ፡ ኣብ ናይ ዓላሚ ቦታ ኮይኑ ኣይክመርሓን እዩ።

---

## ሳይሞንስ፡ ካብ ዋንጫ ዓለም ወጻኢ ኮይኑ

ኣከፋፋሊ ክለብ ቶተንሃም - ዣቪ ሳይሞንስ፡ ብሰንኪ ዘጋጠሞ ናይ ብርኪ ማህረምቲ፡ ካብቲ ዝተረፈ ግጥማት ናይዚ ወቕቲ፡ ብዐቢኡ ካብ ዋንጫ ዓለም 2026 ምእላዩ ተገሊጹ።

እዚ ወዲ 23 ዓመት ሆላንዳዊ፡ ኣብቲ ቀዳም ንዎልቭስ 1-ብ0 ዝሰዓሩሉ ናይ ፕሪመር ሊግ ጸወታ፡ ምስ ተኸላኸሊ ዎልቭስ - ሁጎ በዩኖ ተጋጪዩ ብምውዳቑ እዩ ኣብ የማናይቲ እግሩ መጉዳእቲ ኣጋጢምዎ ተጸይሩ ወጺኡ።

“ገለ ሰባት ሂወት ጨካን እያ ይብሉ እዮም፣ ሎሚ ከምኡ ተሰሚዑኒ” ዝበለ ሳይሞንስ፡ “ናይዚ ወቕቲ ጉዕዞ ኣኺቲሙ ኣሎ። ልበይ ተሰይሩ እዩ፡ ዝኾነ ትርጉም የብሉን።” ክብል ብመገዲ ማሕበራዊ መራኸቢኡ ኣዝዩ ከምዝጐሃየ ገሊጹ።

ናብ ታሕተዋይ ዲቪዥን ከይትወርድ እትቃለስ ዘላ ቶተንሃም፡ ካብ መበል 17 ዘላ ዌስሃም ክልተ ነጥቢ ድሒራ፡ መበል 18 ተሰሪዓ ትርከብ። ኣብ ኣዝዩ ከቢድ እዋን እንከላ ሓደ ካብ ወሰንቲ ተጻወትቲ ዝኾነ ሳይሞንስ ብምእላዩ ከኣ ኣብ ርእሲ ዘላታ ተወሰኺታ ኮይኑዋ ይርከብ።

ብዘይካ’ዚ፡ ኣብ ሃገራዊት ጋንታ ሆላንድ ተመሪጹ ዝኾነ ሳይሞንስ፡ ኣብ ዋንጫ ዓለም ንሃገሩ ክውክላ ዝነበሮ ዕድል ከምዝብቀዐ ብምግላጹ፡ ንደቂ ጋንታኡ ጽቡቕ ዕድል ተመንዩ። ኣብ ሻዱሻይቲ መድረኽ እትርከብ ሆላንድ፡ ቀዳመይቲ ናይ ምድላብ ጸወታኣ 14 ሰነ ምስ ጃፓን እያ።

እዚ ዓቢ ዓለምለኻዊ ውድድር ክፍልም 40 መዓልታት ጥራይ ተሪፉዎ ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ ብርክት ዝበሉ ተጻወትቲ ሰሪ መጉዳእቲ ካብ ሱታፌ ይበኾሩ ኣለዉ።

**መደብ ጸወታ**

**ሎሚ**

**ፍርቂ ፍጻመ ሻምፕዮንስ ሊግ**

ፒኤስጂ - ባየር ሙኒክ 10:00 ድ.ቀ

# ዜና ዓለም

ማርታ ክብሮም

## ሕዝቦላህ፡ ኣብ ልዕሊ ሰራዊት እስራኤል መጥቃዕቲ ፈጺሙ

እስራኤል፡ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ሊባኖስ ዝርከቡ ነበርቲ ተወሰኽቲ ሸውዓተ ከተማታት ካብ መረበቶም ክግዕዙ ከም ዘለዎም ኣብ እተጠንቀቐሉ ዘላ እዋን፡ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ሕዝቦላህ ኣብ ልዕሊ ሰራዊት እስራኤል መጥቃዕቲ ከም ዝፈጸማ፡ ሰበ መዚ እስራኤል ሓቢሮም።

እቲ መጥቃዕቲ ኣብ ዶብ ሊባኖስ ኣብ እትርከብ ከተማ ታይበህ ከም ዝተፈጸመ'ውን እቶም ሰበ መዚ ወሲኾም ገሊጾም።

ብመሰረት እቶም ሰበ መዚ፡ በቲ መጥቃዕቲ ሓደ እስራኤላዊ ወተሃደር ክመውት እንከሎ፡ ካልኦት ሽዱሽተ ድማ ቆሲሎም ኣለው።

ብዘይካ'ዚ፡ ንጉዳያት ናይቲ መጥቃዕቲ ክትረድእ ኢላ ናብቲ ከባቢ ሄሊኮፕተር ኣብ ዝተንቀሳቐሰትሉ ግዜ'ውን ክልተ ተወሰኽቲ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ሕዝቦላህ ኣብ ጥቓኣ ከም ዝተፈንጀራ፡ እንተኾነ ኣብ ልዕሊ'ታ ሄሊኮፕተር ኮነ ኣብረርታ ዝኾነ ጉድኣት ከም ዘየብጽሓ፡ ሰራዊት እስራኤል ሓቢሩ።

ዋላ'ኳ ዝሓለፈ 16 ሚያዝያ ብመንጎኛት ኣመሪካ ኣብ መንጎ እስራኤልን ሊባኖስን ዝተበጽሐ ስምምዕ ምቁራጽ ተጻብኦ ክሳብ መፋርቕ ግንቦት ዝቕጽል እንተኾነ፡ ወተሃደራት እስራኤል ግና ኣብ ደቡባዊ ክፋል ሊባኖስ ወተሃደራዊ ስርሒታቶም ይቕጽሉ ከም ዘለዉ እዩ ዝግለጽ።

ሕዝቦላህ፡ እቲ መጥቃዕቲ፡ ከም መልሲ ግብሪ ናይቲ እስራኤል ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ልዕሊ ሊባኖስ ዘዕደደቶ 14 ሰባት ዝቐዘፈ መጥቃዕቲ ምዃኑ ኣፍሊጡ ኣሎ።

መጥቃዕቲ እስራኤል ኣብ ልዕሊ ሊባኖስ ብ2 መጋቢት ካብ ዝጀመር ንደሓር፡ ዛጊት 100 ሰራሕተኛታት ጥዕና ዝርከቡዎም ብውሑዱ 2,294 ተቐቲሎም ከም ዘለዉን ካልኦት 7,544 ድማ ቆሲሎም ምህላዎምን ሚኒስትሪ ጥዕና ሊባኖስ የመልክት።



## ሚኒስተር ምክልኻል ማሊ ተቐቲሉ

ሚኒስተር ምክልኻል ማሊ - ጀነራል ሳደዮ ካማራ፡ ኣብ መንበሪ ቤቱ ከሎ ብዝተፈጸመሉ ዝተዋደደ መጥቃዕቲ ከም ዝተቐትለ፡ ኣፈኛ መንግስቲ ናይታ ሃገር ኢሳ ዐሰማ ሓቢሩ።

ካማራ ኣብ 2021 ኣብታ ሃገር ዕልዋ መንግስቲ ድሕሪ ምፍጻሙ ስልጣን ከም ዝሓዘ ኢሳ ወሲኹ ገሊጹ። እቲ ኣፈኛ ኣብ ሓበሬታኡ፡ መንነቶም ዘይተፈልጡ ዕጡቓት ብመኪና ፈንጠሰም ናብ መንበሪ ቤት ካማራ ድሕሪ ምእታው፡ ነፍሰ ቅትለታዊ መጥቃዕቲ ከም ዝፈጸሙ ሓቢሩ።



መርበብ ሓበሬታ ኣልጀዚራ ድማ፡ ኣብ ውሽጢ ሳዕለዋይ ወተሃደራዊ መራሕነት ማሊ ቀሊል ዘይኮነ ጽልዋ ከም ዝነበሮ ድሕሪ ምምልካት፡ "ሕልፈቱ ንሰራዊት ማሊ ዓቢ ክሳራ'ዩ" ክብል ሓቢሩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ብዓልቲ ቤት ካማራን ክልተ ደቂ ደቁን እውን በቲ መጥቃዕቲ ከም ዝተቐትሉ፡ እቲ መርበብ ወሲኹ ኣመልኪቱ።

እቲ መጥቃዕቲ፡ ብዕጡቓት ኣባላት ኣልቃዒዳ ተፈጺሙ ክኸውን ከም ዝኽእል እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

ዋና ጸሓፊ ሕቡራት ሃገራት ኣንቶንዮ ጉተረዝ፡ ምዕራብ ኣፍሪቃዊ ዞባዊ ውድብ (ኢኮዋስ)፡ ሕብረት ኣፍሪቃ፡ ቤት ጽሕፈት ውድብ እስላማዊ ምትሕግጋዝ ከምኡ ድማ ሕብረት ኤውሮጳ ነቲ መጥቃዕቲ ብትሪ ኮኒኖምዎ ኣለው።

ፕረዚደንት ቡርኪና ፋሶ ኢብራሂም ትራኦሬ እውን፡ "ጭካነ ዝመልኦ ባርባራዊ ተግባር" ክብል ነቲ መጥቃዕቲ ብትሪ ኮኒኑዎ ኣሎ።

ማሊ፡ ካብ 2020 ኣትሒዛ ብወተሃደራዊ መንግስቲ ትመሓደር እኳ እንተ ሃለወት፡ ክሳዕ ሕጂ ግን ንመጥቃዕትታት ኣልቃዒዳን ዳዕሽን ክትገትኦ ከም ዘይከኣለት እዩ ዝንገረሉ።




## ባንግላድሽ - ብበርቂ 14 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ባንግላደሽ፡ ትማሊ ሰሉይ ኣብ ሓያሎ ከባቢታት ህቡብሳን በርቓን ዝተሓወሶ ብርቱዕ ዝናብ ኣብ ዝዘነበሉ፡ 14 ሰባት ብበርቂ ተሃሪሞም ከም ዝሞቱ፡ ሰብ መዚ ናይታ ሃገር ገሊጾም።

እቶም ግዳያት መብዛሕትኦም ኣብ ቃልዕ ቦታታት ዝሰርሑ ሓረስቶት ምዃኖም፡ እቶም ሰብ መዚ ወሲኾም ሓቢሮም።

ብዘይካ'ዚ፡ በቲ ባህርያዊ ሓደጋ ዝተጎድኡ ብዙሓት ሰባት ኣብ ሆስፒታል ተዓቝቦም ከም ዝርከቡን፡ በዚ ከኣ ቁጽሪ ግዳያት ክየውስኽ ስግኣት ከም ዘሎን ሚኒስትሪ ጥዕና ናይታ ሃገር ኣፍሊጡ።

ኣብ 2016፡ ሓደጋ በርቂ ተፈጥሮኣዊ ክስተት ምዃኑ ዝኣወጀት ባንግላደሽ፡ ዓመታዊ ብሰንኪ'ቲ ባህርያዊ ሓደጋ ኣማኢት ሰባት ከም ዝሞቱዋ እዩ ዝንገረሉ።

ኣብታ ሃገር፡ ኣብ ግንቦት 2016 ጥራይ ልዕሊ 200 ሰባት ብበርቂ ከም ዝሞቱ ጸብጻባት የመልክቱ።

ኣብ ባንግላደሽ ካብ ሚያዝያ ክሳብ ሰነ ኣብ ዘሎ ግዜ፡ ተርእዮ ሓደጋታት በርቂ ልሙድ ከም ዝኾነ፡ ጠንቂ ምውሳኽ ናይቲ ሓደጋታት ምስ ምብራስ ኣግራብ ዝተኣሳሰረ ምዃኑን እዮም ክኢላታት ናይታ ሃገር ዝገልጹ።



## ሰሜን ኮርያ ሓድሽ ቤተ-መዘክር ከፊታ

ሰሜን ኮርያ፡ ኣብ ዋና ከተማኣ ፒዮንግያንግ ንዝኸሰረ ናይ'ቶም ኣብ ኲናት ዩክሬን ኣብ ጎደኒ ሓይልታት ሩሲያ ኮይኖም እናተዋግኡ ዝወደቑ ዜጋታታ፡ ሓድሽ ቤተ-መዘክር ከም ዝኸፈተት ሓቢራ።

መራሒ ሰሜን ኮርያ ኪም ጆንግ ኡን፡ ከምኡ'ውን ሰብ መዚ ሩሲያ፡ ኣብ ስ ስርዓት ናይቲ መመረቕታ ከም ዝተሳተፉ፡ ማዕከናት ዜና ሰሜን ኮርያ ጸብጺበን።

ትካል ስለያ ደቡብ ኮርያ፡ ሰሜን ኮርያ ኣብ ዞባ ኩርስክ ንሩሲያ ንምሕጋዝ ኣስታት 15 ሽሕ ወተሃደራት ከም ዘዋፈረትን፡ ካብኣቶም ኣስታት 2 ሽሕ ኣብቲ ኲናት ከም ዝተቐትሉን ገሊጹ።

ሰኮርያን ሩሲያን ግና፡ ንቑጽሪ ናይቶም ግዳያት ኣመልኪተን ዝሃባኦ ሓበሬታ የለን።

ኪም ጆንግ ኡን ኣብ ዘሎ መግለጺ ድማ፡ "እቶም ብጅግንነት ወዲቖም ዘለዉ ወተሃደራትና፡ ተምሳሌት ጅግንነት ህዝቢ ኮርያ ኮይኖም ንዘልኣለም ክዝከሩ እዮም፡ " ኢሉ።

ፕረዚደንት ሩሲያ ቭላድሚር ፑቲን ድማ፡ እቲ ሓድሽ ቤተ መዘክር፡ ንጹር ምልክት ምሕዝነትን ምትሕግጋዝን ክልቲኤን ሃገራት ከም ዝኾነን እምነቱ ድሕሪ ምግላጽ፡ ኩለ መዳያዊ ስትራተጂያዊ ሽርክነት ክልቲኤን ሃገራት ዝያዳ ንኸሕይል፡ ክረምሊን ኣብርቲዑ ከም ዝሰርሕ ቃል ኣትዩ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ሰለማዊ | 28/04/2026 | ጎደና ሮራ መንሳዕ ቁ.ጋ4 19ሬት ፋብሪካ ሚዞን ኢያሱ | 07463110 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services